# ሓዲሽ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.173 ቀዳም 21 መጋቢት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
"ስነ ፍልጠታዊ ፈጣሪ" ዘብሎ ምኽንያታት



ገጽ 4
ውሁድ ሕርሻ



ገጽ 5
ንቐደም በሉ!

ገጽ 10



"ወዲ 8 መዓልቲ ህጻን...

ገጽ 11
ሳንሬሞ፡ቀዳማይ ናይ 2026 ናይ 'ሞኑመንት' ውድድር




## ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረክ፡ ብኽብ ዝበለ ማዕርግ ተባዒሉ

ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረክ ናይ ዓመት 1447 ህጅሪያ፡ ትማሊ 20 መጋቢት 2026 ኣብ መላእ ሃገር ብኽብ ዝበለ ማዕርግ ተባዒሉ።



ሰኣሊ. ክብሮም ጸሃየ





ኣብ ኣስመራ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ዲፕሎማስኛታት፡ ከምኡ'ውን ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ምእመናን ኣብ ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ኣመንቲ ብንግሆኡ ካብዩ መሳገደን ጀዋምዕን ተኣኪቦም እናኸዱ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ምስ ተኣኻኸቡ፡ ሓባራዊ ሶላት ዒድ ኣብጺሖም።

መፍቲ ኤርትራን ኣቦመንበር ላዕለዋይ ባይቶ ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን መውላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ኣብ ዘስመዕዎ ኹጥባ፡ ንትርጉምን ግቡኣትን ጾም ሮሞዳንን ዒድ ኣልፈጥርን ንመንፈሳውን ስጋውን ረብሓታት ጾም፡ ከምኡ'ውን ንመንፈሳውን ማሕበራውን ገጽ ዒድን ዞካት ኣልፈጥርን ዝምልከት ሰፊሕ መረዳእታ ሂቦም።

እዛ ዕለት'ዚኣ፡ መዓልቲ ፍሰሃን ሓጎስን፡ መዓልቲ ፍቕርን ሓልዮትን፡ መዓልቲ ምትሕግጋዝን ምብጻሕን ምዃና ዝጠቐሱ ሼኽ ሳልም፡ ንደቅና ብሀይማኖታውን ስነምግባራውን ክብርታት ክንከናኸኖ፡ ፍቕሪ ሃገርን ትምህርትን ክሰርጸሎም፡ ንጸገማትን ዘኽታማትን ክንሕግዞን ንሕሙማት ክንበጽሖን፡ ከምኡ'ውን ሕውነትና ክኸደልድል ብምዝኽኻር፡ ብፍላይ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንኹሎም ደቅና ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ - ብማዕረ ክሳተፍን ክኮተባበሆን ተላቢዮም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንኣመንቲ ምስልምና ድማ ብፍላይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓለዋን ልምዓትን ሃገር ተዋፊሮም ንዝርከቡ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል "ዒድ መባረክ" ኢሎም።

ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረክ፡ ኣብ ካልኦት ከተማታት፡ ሓወሲ ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ'ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከምእተባዕለ፡ ወኪላት ኤሪና ሓቢሮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት ዒድኣልፈጥር ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዜና፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከልን እዚ ማእከል ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ ጸዕዱክርስትያን - ንኣስ ዞባ በርኽ፡ ብህላዊ ማስናድኢታት ዝተሰነየ ህዝባዊ በዓል ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ኣብ ሰፊሕ ልምዓታዊ መደባት ዝሳተፉ ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ህዝብን ዝተሳተፍዎ ኢጋጣሚ፡ ሌተናል ኮሎኔል እስቲፋኖስ ዘርኣይ ኣብ ዘስመዖ ቃል እዚ ማእከል፡ እቲ በዓል ኣብ ታሪኻዊ ቦታ ይጽንበል ምህላዉ ንትርጉሙ ዝዕዝዝ ከምዝገብሮ ብምጥቃስ፡ ኩሉ ሃይማኖታዊ በዓላትና ብሓባር - ብፍቕርን ሓድነትን ምብዓልና መርኣያ ሰላምና ስለዝኾነ፡ መመሊሱ ክኮላዕን ብሞገእ ናብ ወለዶታት ክሰጋገርን ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ክልተኡ ስነስርዓት፡ ብኤረቲቪን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ ተፈኒዩ።

## ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ኣኼባ ኮሚሽን ኩነታት ደቂኣንስትዮ መደረ ኣስሚዑ

ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፊያ ተስፋማርያም፡ ካብ 9 ክሳብ 20 መጋቢት ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዝተቓነዐ መበል 70 ኣኼባ ኮሚሽን ኩነታት ደቂኣንስትዮ፡ ርእይቶን መርገጽን ኤርትራ ዘጽር መደረ ኣሰሚዓ።





ኣምባሳደር ሶፊያ ኣብ መደረኣ፡ ኣብ'ዚ ግጭትን ጂኦፖለቲካዊ ምትፍናንን ኣሰፋሕፊሑሉ ዘሎ እዋን፡ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ከበድ ብደሆ ገጢምዎ ከምዘሎ፡ እዚ ኩነታት'ዚ ድማ ንኸስጋስ ልምዓት ዝኾትእ፡ ንሰላምን ጸጥታን ኣብ ሓደጋ ዘውድቖ፡ ከምኡ'ውን ንህይወትን ሕልምታትን ደቂኣንስትዮን ኣዋልድን ብኣሉታ ዝጸሉ ምዃኑ ገሊጻ።

"ምርግጋጽን ምሕያልን መሰል ደቂኣንስትዮን ኣዋልድን ኣብ መዳይ ፍትሒ." ንዝብል ቴማ ናይ'ቲ ኣኼባ ብምጥቃስ፡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ካብ ጭርሖታትን መብጽዓታትን ወጺኦም ንትግባረ ናይ'ዚ መትከላት ትርጉም ዘለዎ ተበግሶታት ክወስዱ ዘተሓሳሰበት ኣምባሳደር ሶፊያ፡ ተመኩሮ ኤርትራ ከምዝዘከረ፡ ጾታዊ ምዕሩይነት ሕጊ ብምውጻእ ጥራይ ክሰምር ስለዘይክእል፡ ኣብ ሰላም፡ ማሕበራዊ ለውጢን ንጡፍ ተሳትፎ ማሕበረሰባትን ኣብ ምቕላስ ልምዓታዊ መደባቶምን ዝተሰረተ ክኸውን ከምዝግባእ ኣገንዚባ።

ጾታዊ ምዕሩይነት፡ ማእከል ሃገራዊ ስርዓት ሕግን ትካላዊ መዋቕርን መንግስቲ ኤርትራ ምዃኑ ብምሕባር፡ ንእ ስራሕ ዘድልዮ መዳያት'ኳ እንተሎ፡ ዛጊት ዝተኣታተወ ምምሕያሻት ወጽኢቱ ዝምስገን ከምዝኾነ ኣብቲ ኣሰነያ ድሕሪ ምግላጽ፡ ካብ ደቂኣንስትዮ ዝኸልክል ኣዋጅ ቁጽሪ 158/2007 ንጸነዕ መብጽዓ ኤርትራ ንምርግጋጽ ጥዑና፡ ክብረትን ኣካላዊ ምሉእነትን ደቂኣንስትዮን ኣዋልድን ዘጽር ከምዝኾነ ኣብሪሃ።

ኣምባሳደር ሶፊያ ኣብ መወዳእታ፡ ኣገልግሎት ፍትሒ ናብ ኩሎም ዜጋታት ንምብጻሕ፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ - ኮማዊ ሽማግለታትን ኣብያተ-ፍርድን ብምስፋሕ ከካይዶ ንዘጸንሖ ጻዕሪ ብምጥቃስ፡ እዚን ዕዙዝ ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ዘለወን ኣካላት ምስ ህዝቢ ብዝለወን ቅርበት፡ ጉዳያት ንምፍታሕ ዝጥቀማሉ ሜላ ድማ ኣብ ባህሊ ዝተመርኮሰ ብምዃኑ፡ ኣብ ምርግጋጽ ፍትሒ ወጽኢታውያንን ልዑል ተቐባልነት ዘለወንን ከምዝኾና ሓቢራ።

## ዜና

# ደቀምሓረ - ኣብ ምስሳን ምህርቲ ጸባ ዘተኮረ ዘተ ተኻዪዱ



ማሕበር ተራድኦ ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ደቀምሓረን ከባቢኣን፡ ኣብ ምስሳንን ምርግጋጽን ቀረብ ጸባ ዘተኮረ ርክብ፡ ብ17 መጋቢት ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣካዪዱ።

ምህርቲ ጸባ ኣብ 2025 ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ብዕጽፊ ከምዝዓበየ ዝሓበረ ሓላፊ ፋይናንስ ማሕበር መምህር ቀላቲ ዓንደማርያም፡ ጠለብ ከተማታት ኣስመራን ደቀምሓረን ኣብ ምውሓስ ኣበርክቶ ከምዝነበረ ገሊጹ።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ተስፉ ያዕቆብ ብወገኑ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ምርግጋጽ፡ ምዕቃብን ምቁጽጻርን ቀረብ ኣድማዒ ስራሕ ከምእተዓመ ሓቢሩ።

ሓላፊ ሕርሻ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣለም ሙብራሁ፡ ድሙ፡ ማሕበር ውጹኢታቱ ብምሕያል ኑቲ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝርከብ ጺጋታት ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ፡ ማሕበር ኣብ ግዜ ጾም ፍርያቱ ዝምስራሓሉ ማሽናት ክህልዎ፡ ብደህያታት ቀሊበን መንበሪ ከብቲን ፍታሕ ክናደየሉ፣ ከምኡ’ውን ጸባ ዝከፋፈለሉ ነቑጣታት ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ክውሰኽም ተማሕጺኖም።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ኣቶ ሚካኤል ሰዩም፡ ዝቐረበ ጸገማት ንምፍታሕ ከምዝሰራሕ ገሊጹ።

ኣብ 1997 ዝተመስረተ ማሕበር ኣርባሕቲ ናይ ጸባ ከብቲ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ 283 ኣባላት ኣለውዎ።

# ፎሮ - ተርእዮ ሞት ኣደን ዕሸላትን ከምዝነከየ ሞያውያን ገሊጾም

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ላሓዜን - ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ጥዕና ኣደን ህጻንን ንምውሓስ ብዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ፡ ተርእዮ ሞት ኣብ እዋን ጥንሲን ሕርስን ከምዝነከየ፡ ሓላፊ መደበር ጥዕና ስልኬ - ተሓጋጋዚ ነርስ ኢብራሂም ኣሕመድ ገሊጹ።

ብተሳትፎ ኮም ዝተዋደደ መጸበዩ ነፍሰጾራትን በብእዋኑ ዝካየድ ጉስጓሳትን፡ ነፍሰጾራት ሰሩዕ ክንክን ቅድመ-ሕርሲ ክረኽባ ከምዝደረኸ፡ ብዝወሰኺ ኣረዲኡ።

ተሓጋጋዚ ነርስ ኢብራሂም ኣስዒቡ፡ ተራን ኣበርክቶን ኢጋር ሓካይም ኣብ ምክትታል መደቦት ክታበት ብሓፈሻ ምዕዳል ቪታምን ‘ኤ’ ድማ ብፍላይ ዝምስገን ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ ትካላት ጥዕናን ካብ ትካል ጥዕና ወጻኢን ብዝዕመም ስራሕ ሽፈነ ክታበት ብምስፍሑ፡ ተርእዮ ሕማማት ከምዝከየ ኣገንዘበ።

ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ኩምህለን ገደም-ላሓዜንን ብወገኖም፡ ንቕሓት ህዝቢ ኣብ ተጠቃምነት ሕክምና ብሓፈሻ ኣብ ክንክን ቅድሚን ድሕርን ሕርሲ ድማ ብፍላይ ኣብ ምብራኽ ውጽኢታዊ ስራሕ ከምእተሰላሰለ ብምጥቃስ፡ ብዝሒ ተገልገልቲ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እታ መደበር ናብ ማእከል ጥዕና ክትዓቢ ተላብዮም።

መደበር ጥዕና ስልኬ፡ ንበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ገደም-ላሓዜንን ኩምሆለን፡ ኣገልግሎት ክንክን ቅድሚን ድሕርን ሕርሲ፡ ሕርሲ፡ ክታበት፡ ወለንታዊ መርመራ ደም፡ ከምኡ’ውን ካልእ ሰሩዕ ኣገልግሎት ትህብ።

# ተሰነይ - ኣብ ተጠቃምነት ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ንቕሓት ምብራኽ ከምዘድሊ ተገሊጹ

ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ተጠቃምነት ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ምብራኽ ኣገዳሲኡ ልዑል ከምዝኾነ፡ ካብ ሆስፒታል ተሰነይ - ፋርማሲስት ፊልሞን ሙሉጌታ ገሊጹ።

ንኢሩና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዘይ ሞያ ናይ’ቲ መድሃኒት ይምዕበል ብምህላው፡ ከቢድ ጥዕናዊ ሻቕሎት ይፈጥር ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ከም ሳዕቤኑ ኣብ ሓጺር ግዜ ብውሑድ ዓቐን መድሃኒትን ወጻኢታትን ክሕከሙ ዝኽእሉ ሕማማት እናኸበዱን ንዝይተደልየ ሓልኪታት ዘቃልዑን ይኾኑ ንተገልገልቲ መድሃኒት ክሻጣ ከምዝይግባእ ብምግላጽ፡ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ ንሱቑ ጥሪትን ኣትክልትን ዘውዕል ብዘይሕጋዊ መገዲ ዝኣቱ ምንጩ ዘይተረጋገጸ ጸረ ታህዋስያን መድሃኒት ኣብ ዕዳጋ ስለዝርአ ዝምልከቶም ኣካላት ምቁጽጻር ክገብሩ ኣተሓሳሰበ።



ዝተኣዘዘ መድሃኒት ብዘየገባእ ዓቐንን ግዜን ምስ ዘውሰድ ኣድማዕነቱ ኣብ ምፍዋስ ሕማማት ልዑል ምኳኑ፣ ብግቡእ ምስ ዘይንጥቀመሉ ድማ ሳዕቤኑ ከቢድ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ጸረ ባክተርያ፡ ጸረ ቫይረስ፡ ጸረ ዕሰን ጸረ ጽግዕተኛታትን ዘጠቓልል ጸረ ታህዋስያን መድሃኒት፡ ኣብ ኣጠቓቕማኡ ሕልፊ ካልእ መድሃኒት ልዑል ጥንቃቐ ከምዝሓትት ሓቢሩ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ሱቑ ጥሪትን ኣትክልትን እናዓበየ ምስ ዝመጽእ ዘሎ ፍነው ተጠቃምነት ጸረ ታህዋስያን፡ ተጻዋርነት ከምዝለዉ ኣረዲኡ።

ትሑት ጸርየት ሰብነትን ኣከባብን፡ ባዕለ ፍወሱ ዘይውሑስ ጹታዊ ርክብ፡ ዘይሰሩዕ ክታበት፡ ምንጩ ዘይተረጋገጸ መድሃኒት፡ ብግቡእ ዘይተወገደ መድሃኒትን ሐሹኺ ኢልካ መድሃኒት ምቁራጽን ንኣድማዕነት ጸረ-ታህዋስያን ዘጉድል ምኳኑ ብምንጻር፡ ሕብረተሰብ ብሞያውያን ሕክምና ንዘውጽኦ ምኽሪ ኣብ ግብሪ ከውዕል ኣዘኻኺሩ።

ፈርማሲስት ፊልሞን ኣስዒቡ፡ ናይ ግሊ ፋርማሲ ብዘይ ናይ ሓኪም መኣዘዚ ወረቐት ከምዝለዉ ኣረዲኡ።

# ሰገነይቲ - ግራውቲ ጽጉማት ወገናት ይሕረስ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ካብ 28 ሉኣቲት ንጹጉማት ወገናት ናይ ነቐልን ምልስሳስን ኣገልግሎት ብትራክተራት ይወሃብ ኣሎ።

እዚ ከም ኣካል ንክራማት ዝግበር ምድላዋት ብሰማዊ ክፍሊት ዝስላሰል ዘሎ መደብ፡ ብምምሕዳራት ብዘቐረበ ጠለብ መሰረት’ዩ ዝካየድ ዘሎ።

ኣብ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ሓላፊ ምውፋር ናይተን ትራክተራት መንእሰይ ሰዒድ ኢብራሂም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንኣገዳስነት ናይ’ቲ መደብ ብምጥቃስ፡ ዛጊት ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣኽሩር፡ ዓዲ-ቄንጸን ደግራ-ልባኤን 104 ሄክታር ከምእተሓርሰን እቲ ስራሕ ቀጻሊ ምዃኑን ኣበሪሁ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ከምዚ ዓይነት ደገፍ ክቕጽል ተላብዮም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:40 | ፍጠር ኣብ ተሰነይ |
| 10:05 | ዕላል ምስ ዶክተር ዓዲፕ ኣልኣሚን ኮሊጅ ዓዲ ቀይሕ |
| 10:25 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 11:00 | ስለ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም - ሓቅን ጸወጸዋይን ፊት ንፊት 2ይ ክፋል (ድግማ) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 16:00 | መደብ ናይ በዓል |
| 18:00 | ሳይዳ |
| 18:40 | መደብ መዚቃ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኲርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## 10 ተስላ
### “ስነ ፍልጠታዊ ፈጣሪ” ዝብሎ ምኽንያታት

3ይ

ተስላ ናይ ምህንድስና ትምህርቱ ኣብ ግሬዝን ፕራጊየን ዝብሃል ቦታታት ኣውስትርያ ዝርከባ ተክኒካል ዩኒቨርሲተታት እዩ ዝጀመረ። ኣብ ግሬዝ ንመጀመርታ ግዜ ዲናሞ ምስ ርኣየ፡ ንተቐያየሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክጥቀመሉ ዝኽእል መገዲ ክሓስብ ጀመረ። ጸኒሑ ኣብ ቡዳፐስት ንመሰረታዊ ሓቅታትን ኣገባብን ዘዋሪ ማግኔታዊ ክሊ፡ ከምኡ’ውን ንተቐያየሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (AC) ንመጀመርታ ግዜ ክጥቀመሉ ዝኽእሎ ሞተረ ኣማዕበለ ተጠቕመሉን። ብ1882፡ ናብ ፓሪስ እዩ ኣምሪሑ። ኣብ ዓመቱ፡ ኣብ ትርፊ ሰዓቱ ዋራይ እናሰርሐ፡ ናይ መጀመርታ ‘ኢንዳክሽን ሞተር’ ክሰርሓ ክኣለ። ድሕሪ ዓመት ናይዛ ስርሑ፡ ብ1884፡ ኣብ ጁባኡ ኣርባዕተ ሳንቲም፡ ኣብ ሳንጣኡ ክኣ ገለ ካብ ግጥሚታቱን ናይ በራሪት ማሽን ኢልኮሌሽናትን ሒዙ ናብ ኒውዮርክ ከደ። ኣብ ትሕቲ ቶማስ ኣልባ ኤዲሰን ተቖጺሩ ክሰርሕ ክኣ ጀመረ። እዞም ክልተ መሃዝቲ ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዘሎዎም፡ ካብ ክልተ ኣዝዩ ዝተፈላለየ ቦታ ብምምጽኦም፡ በበይኑ ኣገባብን መስርሓትን ስለ ዝጥቀሙ ብሓደ ክቓጸሉ ዝኽእሉ ኣይነበሩን። ክፈላለዩ ግድን ኮነ። ኣብ ፒትስበርግ ሓላፊ ወስቲንግ ኤለክትሪክ ካምፓኒ ዝነበረ ጆርጅ ወስቲንግሃውስ፡ ንናይ ተስላ ናይ ዲናሞ፡ ትራንስፎርመርን ሞተርን ዋንነት ገዝኡ። ምህዞታት ተስላ ነቲ ዓብሉሉ ዝነበረ ጽልዋ ዘይቀያየር ዋሕዚ ኤለክትሪክ (DC) ክወዳደሮን ክዕብልሎን ዕድል ረኸበ። ብድሕሪ’ዚ ተስላ ኣይደንጎየን ናቱ ቤት ምርምር ብምውናን ብምሉእ ውናኡ ክሰርሕ ጀመረ።

ሰብ ንዝደለዮ ክረክብ ክቃልስ ኣሎዎ። ተስላ ሕልሙ ከተግብር ካብ ሃገር ናብ ሃገር እናሰገረ፡ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ሰጊሩ ኣሜሪካ ከይዱ። ሕልምኻ ተግህደሉ ምንጸፍ ኣበይ ምዃኑ ምልላይ ኣገዳሲ እዩ። ተስላ፡ ሕልሙ’ዩ ህይወቱ። ሕልሙ ስለ ዘሰዓቦ ከኣ ንዓለም ቀይሩ። ሓደ ሰብ ከኣ ንነብሱ መሲሉ ሕልሙ እንተ ደኣ ኣሊኹ፡ ንዓዕሉ ክሲብ፡ ንስድራኡ፡ ከባቢኡን ሃገሩን’ዩ ዝልውጥ። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ሰንበት፡ ‘ኣዕሚቑ ናይ ምርኣይ ክእለቱ’ን ‘ኩሉ ግዜ ብዓል ዓቢ ሕልሚ ምንባሩ’ን ዝብሉ፡ ንተስላ ‘ፈጣሪ ስነ ፍልጠት’ ዘብሉዎ ክልተ ነጥብታት ኣቕሪብና ኣለና። ንሎሚ ከኣ ሳልሳይ ነጥቢ እንሆ።



ናይ ተስላ፡ ‘ናይ ሰላም ጨራ’

### 3. ክልተ ቃላት፡ ‘ቀታሊ ጨራ’

“ቀታሊ ጨራ” ዲና ኢልና፧ ክትብሎ’ኳ ዘይጥዑም። ‘ቀታሊ ጨራ’ ብ11 ሓምለ 1934 ኒውዮርክ ታይምስ ዝተባህለት ጋዜጣ’ያ ስም ቀይራትሉ። ተስላ ቀታሊ ጨራ ምምሃዙ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህሉዎ ይኽእል’ዩ። እንተኾነ፡ ተስላ ንዓለም ዘጥፍእ ዘይኮነ፡ ንዓለም ሰላም ዘስፍን ምህዞ’ዩ ዘቕረበ። ኣሜሪካ ግን ንረብሓ ፕሮፓጋንዳኣ ክትብል ኣብ ጋዜጣ ኒውዮርክ ታይምስ፡ ተስላ ቀታሊ ጨራ ከም ዝምሃዘ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ኣስፊራ። እቲ ጨራ፡ ‘ናይ ሰላም ጨራ’ እዩ ክብሃል ዝግብኦ ዝነበረ።

ደበና ካልኣይ ኩናት ዓለም እናንጠጠየ እንከሎ፡ ተስላ፡ ‘ናይ ሰላም ጨራ’ ዝሰመዮ ኣብ ዓለም ኩናት ንሓዋሩ ከም ዘብቅዕ ዘረጋግጽ ምህዞ ከም ዝምሃዘ ገለጸ። እዚ ምህዞ ልክዕ ከም ‘እቲ ዓቢ መንደቕ’ ቻይና እዩ። ጸረ ኩናት መሳርሒ እዩ። እቲ ምህዞ ሎሚ ብ‘ጨራ ቻርጅ ዝኾኑ ፓርቲክል’ እንፈልጦ ኩይኑ፡ ኣማኢት ኪሎሜትሮታት ርሒቖን ንዝርከባ ነፈርቲ ዝፍኖ ጨራ’ዩ። እዘን ነፈርቲ ’ዚ ጨራ ሓሊፈን ናብ ዶባት ሃገርካ ክሰግራ ዘኽእለን ኣይነበረን። ስለዚ፡ ዝኾነት ሃገር ካብ ዝኾነ ከቢድ መጥቃዕቲ በዚ መሳርሒ ክትድሕን ትኽእል ነበረት። ኒውዮርክ ታይምስ ግን፡



“ተስላ፡ ኣብ መበል 78 ዕድመኡ፡ ‘ቀታሊ ጨራ’ ሚሂዙ” ክትብል እያ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ኣስፊራ።

ኣብ ዓለም ብሓይለን ክነግሳ ዝቃለሳ ዝነበራ ሃገራት፡ ነዚ ጨራ ቻርጅ ናይ ዝኾኑ ፓርቲክላት ተክኖሎጂ ንምምዕባል ኣብ ሃድን ምስ ኣተዋ፡ ዝሑል ኩናት ብእኡ ኣቢሉ ጀመረ። ብፍላይ’ኳ ደኣ ነዚ ምህዞ ዝሓዘት ናይ ተስላ ናይ መጽናዕቲ ወረቐት ምስ ጠፍኣት። እታ ወረቐት ዋራይ ዘይኩነት ግን ህይወት ተስላ’ውን ደድሒራኣ ሰዒባ’ያ።

***

እቶም ኣንጻር ተስላ ዝጉስጉሱ፡ “ቀታሊ ጨራ” ዝበሉዎ፡ ተስላ ግና ‘ጨራ ሰላም’ ዝበሎ ርኽበት እንታይ ነበረ፧

ርኽበት ተስላ ኣብ ልዕሊ ናይ ኤዲሰን ክዕብልል ድዩ፧ ...

### ጨራ ቻርጅ ናይ ዝኾኑ ፓርቲክላት

ጨራ ቻርጅ ናይ ዝኾኑ ፓርቲክላት (CPB)፡ ናብ ሓደ ኣንፈት ዝተመርሐ ጸዓት ዝፍኑ መሳርሒ ኩይኑ፡ ቻርጅ ዝኾኑ ፓርቲክላት ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዒላማ ብፓልሳት ዝተኮስ እዩ። ሓደ ፓልስ ማለት ሓደ ንጽል ምንብድባድ ናይ ድምጺ፡ ዋሕዚ ኤለክትሪክ፡ ብርሃን ወይ ካልእ ማዕበል እዩ። እዚ መሳርሒ፡ ንዒላማ ደጊሙ ብምህራም ክብተኖ ይኽእል እዩ። ብኽልሰ ሓሳቡ፡ እዚ መሳርሒ ዘይትኣደነ ጸዓት ኣብ ካልኢታት ብፓልሳት እናወርወረ፡ ንኣዝዩ ገፊሕን ነዊሕን ቦታ ክሽፍን ይኽእል እዩ። ብግብሪ ግን ከምዚ ዝበለ ጨራ ክትሰርሕን ናብ ጠፈር ክትውንጭፍን ዓቢ ፍርሒ ዝፈጥር ብድሆ እዩ ዝነበረ።



ኮሎራዶ ስፕሪንግስ ቤት ምርምር ተስላ

## ሌላ ምስ ዓውደ ትምህርቲ ብሓጺሩ
### ኦሺኖግራፊ

ሰለስተ ርብዒ ክፋል ዓለምና ብማያዊ ኣካል ዝቖመ እዩ። እዚ ማያዊ ኣካል ብፍላይ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ንተግሳጥ ደቂ ሰብ ካብ ዝማረኹ ኩይኖም፡ ደቂ ሰብ ገና ውሽጠ ውሻጠኦም ኣዳቂቖ ክፈልጦም ኣይከኣለን ዘሎ። ንኽርድኦምን ክፈልጦምን ዘሎዎ ባህጊ ኣየጉደለን። ኦሺኖግራፊ ንውቅያኖሳትን ባሕርታትን ካልኦት ምስኦም ዝተኣሳሰሩ ክፋላትን ዘጽንዕ ስነ ፍልጠታዊ ዓውዲ ኩይኑ፡ ንኣቃውማ፡ ኣብ ውሽጢ ማይ ዝግበር ምንቅስቓስን ለውጥን የብርሃልና። ንግዝፈ፡ ብዝሒ ባህርን ዓይነትን ኣብ ውሽጢ ጨዋም ማያት ዝርከቡ እንስሳታትን ኣትክልትን’ውን የጽንዕ። ዕምቀት ውቅያኖሳት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ እዩ። ነዚ ፍልልይ ኣብ ካልኦት ኣብ ውሽጦም ዝርከቡ ነገራትን ኣብ መሬት ዘለዎ ህይወታውያንን ዝፈጥሮ ጽልዋ ዘጽንዑ ኦሺኖግራፊስት’ውን ኣለዉ። ዉሽጢ ባይታ ውቅያኖሳት ብርኩስ ዝተቓማኑ ጭቃን ብደቀቕቲ ዓስከሬን ናይ ናኣሽቱ ፍጥረታትን ዝቖመ እዩ።

ብሰንኪ ኣቃውማን ስሕበትን፡ ወርሕን ጸሓይን ዝፍጥር ምውሳኽን ምትሓትን ብራኺ ማያት ባሕርን ማዕበልን፡ ኣብ ዓውዲ ኦሺኖግራፊ ኣዝዮም ኣገደስቲ ክፋላት’ዮም። ገማግም ባሕሪ ብቐጥታ ምስ ነፍሲ ወከፍ ምንቅስቓስ ናይቲ ማይ ዝተኣሳሰር ኩይኑ፡ ኣብ ገለኡ ገማግም ባሕሪ ድማ ድሕሪ ሚልዮናት ዓመታት ዝተፈጥረ ለውጢ ንምጽናዕ ፕላኔትና’ውን ሓጋዚ እዩ።

ፍቓዱ ብርሃነ - ኣስመራ

**ጥቕሲ እዚ ሰሙን**

“ሰዓትካ ኣሕሊፍካ እንተ መላኢካያ፡
ከይትዕሾ፡ ዝኸሰብካዮ ግዜ የለን።”
- Victor Hugo

ትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

### ዳእላ ተመሃሮ

Father: How did your exams go?
Son: I got nearly 100 in every subject.
Father: What do you mean, nearly 100?
Son: The questions didn’t give me any trouble, just the answers!



***

ሜሪ ማና

## ኣብ ፊዚክስ ንኽትነፍዑ

1. ናይ ፊዚክስ ክፍሊ ግዜ ሓንቲ’ውን ትኹን ዘይምቕጻዕ ወይ ዘይምብኳር።

2. መጽሓፍቲ ኣብ ኢድካ ስለ ዘለወ፡ እቲ ሎሚ እትምሃሮ ኣቐዲምካ ኣንቢብካዮ ናብ ክፍሊ እቶ። ኩተንቦቦ እንክለኻ ዘይርድኣካ ዝነበረ ሓሳባት፡ ኣምራት፡ ክልሰ ሓሳባት፡ ... ክግለጽ እንከሎ ብቐሊሉ ክኣትወካ ይኽእል።

3. ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ካብ ምጽናዕ፡ መዓልታዊ ዝተወሰነ ሰዓት ምጽናዕ ይምረጽ።

4. ኣብ ፊዚክስ ጽቡቕ ተምሳጥ ዘሎዎም መማህርትኻ ኣኪብካ ጉጅለ መጽንዕቲ ገበር።

5. ታሪኽ ዓበይቲ ፈላጣት ፊዚክስ፡ ምህዞታቶምን ርኽበቶምን፡ ኣብ ፊዚክስ ዝተወከሉ መጽሔታት፡ ... ኣንብብ።

6. ዝበዝሐ ግዜ ክትገዝክር ዘይኮንካ ክትርድኦ ዋራይ’ዩ ዘሎካ።

መም. ስተላ መሓሪና

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ውሁድ ሕርሻ

## ዓሳ፡ እንስሳ ዘቤትን ዘራእትን

ውሁድ ሕርሻ ዓሳ - እንስሳ ዘቤትን - ዘራእትን ስሙ ከም ዝሕብሮ ምፍራይ ዓሳ፡ እንስሳ ዘቤትን - ዘራእትን ኣብ ሓደ መስርሕ ብምውህሃድ ዝካየድ ዘላቕን ዑደታውን ሕርሻዊ ንጥፈት እዩ። መሰረታዊ ኣምር ውሁድ ሕርሻ ዓሳ - እንስሳ ዘቤትን - ዘራእትን ዑደታዊ መስርሕ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ዘረጋግጽ ኰይኑ፡ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ንጥፈት ዝወጽእ ጉሓፍ፡ ንሓደ ካብ'ቶም ዝተረፉ ንጥፈታት ኣገዳሲ ጸጋ ዝኹነሉን ብኽነት ዘወግድን ዘመናዊ ኣገባብ ሕርሻዊ እዩ። እዚ ዓይነት ሕርሻዊ ንጥፈት፡ ኣብ ሃገራት ኤስያ ብዝለዓለ ደረጃ ዝስረሓሉ ኩሉ-መዳያዊ ረብሓታት ዘርከቦ ንጥፈት ኰይኑ፡ እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ከም ቀንዲ ረብሓታቱ ምጥቃስ ይከኣል።

1.**ቁጠባዊ ዕብየት፦** ካብ ሓደ ውሁድ ሕርሻ ዓሳ - እንስሳ ዘቤትን - ዘራእትን ዝተፈላለየ ምህርቲ ክሕፈስ ስለዝከኣልን፡ እቲ ሓደ ንጥፈት በቲ ናይ'ቲ ካልእ ጉሓፍ ከም ዝጥቀም ስለዝግበርን ወጻኢታት ብምቕናስን ኣፍራይነት ብምዕባይን ቁጠባዊ ዕብየት የውሕስ።

2.**ምርግጋጽ ኣከባብያዊ ውሕስነት፦** ኣብ ንጥፈት'ዚ ምህርቲ ንምኽዕባት ዘድሊ ድኹዒ ብባህርያዊ ኣገባብ ካብ ጉሓፍን ተረፍ-መረፍ ናይ'ቲ ሕርሻን ስለዝዳሎ፡ ኣከባቢ ብሰብ ዝሰርሖ ቀመማዊ ድኹዒ ኣይብከልን።

3.**ምርግጋጽ ቀረብ ዝተመጣጠነ መኣዛዊ መግቢ፦** ውሁድ ሕርሻ ዓሳ-እንስሳ ዘቤትን-ዘራእትን ብምትእትታው፡ ሓረስቶት ኪኖ ምርግጋጽ ንስድራቤቶም ዝኸውን ቀረብ፡ ዝተመጣጠነ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ዓሳ፡ ስጋ፡ ጸባ፡ እንቋቑሖን፡ ኣሕምልትን ሓሊፎም፡ ንመላእ ሕብረተሰብ ዝኸውን ትርፊ ምህርቲ ከቕርቡ የኽእል።

ውሁድ ሕርሻ ዓሳ - እንስሳ ዘቤትን - ዘራእትን ዘጠቓልሎም ወሰንቲ መስርሓት ኣለዉ። ኣብ ላዕሊ ከም እተገልጸ፡ ምውጋድ ብኽነት ቀንዲ ኣምር ናይዚ ዓይነት ሕርሻ ኰይኑ፡ ሓደ ንጥፈት ምስ'ቲ ካልእ ንጥፈት ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ደኣ'ምበር፡ ብተናጸል ዝዕየ ኣይኮነን። እዚ ወላ ብዝናብ ኣብ ዝለምዕ ናይ ሕርሻ ቦታ ክካየድ ዝኽእል እንተ'ኾነ፡ ኣብ ብመስኖ ዝለምዕ ሕርሻ ክትግብር እንከሎ ዝሓሸ ውጽኢት ይህብ።

መስርሕ ውሁድ ሕርሻ ዓሳ - እንስሳ ዘቤትን - ዘራእትን ብቐልል ዝበለ መንገዲ ንምርድኡ፡ ብመስኖኣዊ ምፍራይ ዘራእቲ ክንጅምር። ኣብ ዘሎና ናይ ሕርሻ መሬት፡ ኣሕምልቲ ፍረታት ይኹን ካልእ ኣዝርእቲ ዘሪእና ምህርቲ ኣብ እንእክበሉ፡ ነቲ ብሉጽ ምህርቲ ቁጠባዊ ረብሓ ንምርካብ ንዕዳጋ ከነውርዶ እንከሎና፡ እቲ ተረፍ-መረፍ ምህርቲ ድማ፡ ገሊኡ ንመግቢ ጤል-በጊዕ፡ ከብቲ፡ ወይ ደርሁ ክኸውን ይኽእል። ንጥሪትና ካብ ተረፍ-መረፍ ግራትና ብምምጋብ፡ ብዙሕ ጸባ፡ ስጋን፡ እንቋቑሖ... ክንረክብ ንኽእል። እቲ ንመግቢ ጥሪትና ክኸውን ዘይክእል ከም ጻህያይ ዝኣመሰለ ድማ፡ ምስ ናይ ጥሪትና ቀልቀል ብምሕዋስ፡ ግቡእ መስርሓት ድኹዒ ብምኽታል፡ ናብ ኮምፖስት ቀይርና፡ መሬትና ብውሑስን ባህርያውን ድኹዒ ንምድኻዕ ንጥቀመሉ። ስለዚ፡ ካብ ግራትና ዝወጸ ተረፍ-መረፍ ናይ ኣትክልቲ፡ ኣብ ክንዲ ጉሓፍ ኰይኑ ዝድርበ፡ ኣብ ጥቕሚ ብምውዓል ናብ ጸጋ ንቕይሮ ኣሎና ማለት'ዩ።

ዘራእትና ብግቡእ ንኽዓብዩ ማይ ስለዘድልዮም፡ ብመስኖ ከነስትዮም ግድን'ዩ። እቲ ማይ ግን፡ ንዕቤት ኣትክልቲ ክጠቅም ዝኽእል ኣገዳሲ ትሕዝቶ ንኽህልዎ ኣብ ዒላና ዓሳ ክንዝርእ ንኽእል። ዒላና ማይን ዓሳታትን ከም ዝህልዋ ብምግባር ድርብ ንረብሓላ። በቲ ሓደ ዓሳ ንረክብ በት ድማ፡ እቲ ማይ ብቐልቀል ናይቶም ዓሳታት ሃብቲሙ ንኣትክልትና ከም ፈሳሲ ድኹዒ የገልግሎ። ንስድራቤትና ዓሳ ንምግብን ትርፊ ምህርቲ ብምሻጥ ድማ ተወሳኺ ኣታዊ ክንረክብ ንኽእል። ዓሳ ገደናና ኣብ እንምገበሉ፡ እቲ ንመግቢ ዘይከውን ኣካላት ናይ ዓሳ፡ ንደርሁና መግቢ ይኹነን። ስለዚ፡ ዓሳ ኣብ ዒላና ብምእታው ጥራይ፡ ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ ወጻኢ ከይገብርና፡ መኣዛዊ መግቢ ዓሳ ንስድራናን ሕብረተሰብናን፡ ፈሳሲ ድኹዒ ንዘራእትና፡ መግቢ ንደርሁናን ተወሳኺ ገንዘባዊ ኣታውን ክንረክብ ንኽእል። ዒላና ጸቢብን ዓሚቑን ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ እቲ ማይ ኣብ ክንዲ ብቓጥታ ናብ ካናል ንጭንጉዮ፡ ካብ ዒላና ተገሊሉ ናብ ሓደ ዓሳታት ዝዓብይሉ ጋብላ ከም ዝመልእ ንገብሮ። ካብኡ ናብ ካናል ከም ዝፈስስ ብምግባር፡ ዓሳታት ናይ ምፍራይን ግራትና ናይ ምስታይን ድርብ ዕላማ ክንሃርም ንኽእል።

ዓሳ ኣብ ማይ ንኽዓቢ መግቢ ስለዘድልዮ፡ ነቶም ኣብ ዒላና እነእትዎም ዓሳታት፡ መግቢ ዝኾኖም ምንጪ ክንረኽበሎም ግድነት ይኸውን። ጽቡቕ ነገሩ ሕጂ'ውን መግቦም ካብ ገደናና እዩ። ቀልቀል ናይ ደርሁን ጤል-በጊዕን ምስ ተረፍ-መረፍ ናይ ግራትና ፍርያት ሓዊስና፡ ኮምፖስት ክንቕይሮ ንኽእል'ኳ እንተ'ኾንና፡ ገለ ካብኡ ኣብ'ቲ ዒላና ብምንስናስ፡ ነቶም ዓሳታት መግቢ ዝኾኑ ብዓይኒ ዘይረኣዩ ሰበባ ከም ዝሮቕሉ ክንገብር ንኽእል። ከም ካልኣይ ኣማራጺ፡ ካብቲ ዘዳለናዮ ኮምፖስት ክንጥቀም ንኽእል። በዚ ኣገባብ፡ ንናይ ጥሪትና ቀልቀል፡ ናብ መግቢ ዓሳታትና ክኸውን ዝኽእል ካልእ ጸጋ ንቕይሮ፡ እቶም ዓሳታት ድማ፡ ነቲ ዝዓብይሉ ማይ፡ ናብ ሃብታም ትሕዝቶ ማዕድናት ዘለዎ ፈሳሲ ድኹዒ ይቕይሩልና። እዚ ኹሉ ሜላታት፡ ምስ'ቲ ምኽሪ ክኢላታት ሕርሻ ተኸቲልና እነካይዶ ብባህርያዊ ድኹዒ ናይ ምድኻዕን ባልዓትን ሕማማትን ናይ ምቁጽጻርን ኣገባብ ተደማሚሩ፡ ዝሓሸ ምህርቲ ክህበና ይኽእል።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ውሁድ ሕርሻ ዓሳ - እንስሳ ዘቤትን - ዘራእትን፡ ብኽነት ኣልቦ ኣገባብ ሕርሻ ኹይኑ፡ ሓረስታይ ርቡሕ ምህርቲ ንኽረብ የኽእሎ። እንተ'ኾነ፡ ከም ኩሉ ንጥፈታት ሕርሻ፡ ዕዉት ንጥፈት ንምግባሩ ሞያዊ ምኽሪ ክኢላታት ምውካስን ብዕቱብ ተኸታቲልካ ምትግባሩን ወሳኒ እዩ። ምኽንያት፡ ምፍራይ ዓሳታት ኣብ ሃገርና ከነዘውትሮ ዘይጸናሕና ንጥፈት ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ዓሳታት'ውን ከም ኩሎም ጥሪት፡ ምክንኻንን ምክትታልን ስለዘድልዮም እዩ። ንጥፈት ውሁድ ሕርሻ ዓሳ - እንስሳ ዘቤትን - ዘራእትን ንምካያድ ኣብ እንሓስበሉ እዋን፡ ኣድላዪ ምኽርን ሓበሬታን ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻን ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን ምርካብ ኣገዳሲ እዩ።

ተመስገን ገብረመስቀል

***






## ቴክኖሎጂ ሕርሻ

### ብኤለክትሪክ እትሰርሕ ሓዳስ ትራክተር

መሃንድሳት ዩኒቨርሲቲ ክፍለ ሃገር ሚሺጋን (ሕ.መ.ኣመሪካ)፡ ብኤለክትሪክ ማለት ብዝምላእ ባትሪ እትሰርሕ ሓዳስ ትራክተር ከም ዘማዕበሉ ኣፍሊጦም። እቶም መሃንድሳት ንኣሶሽትድ ፕረስ ኣብ ዝሃቡዎ ሓበሬታ፡ እታ ሓዳስ ትራክተር፡ ነቶም ኣብ ዝተፈላለየ ኵርናዓት ዓለም ዝርከቡ - ዝያዳ ኣብ ዘላቕነት ሕርሻ ዝግደሱን ንፍርያቶም ብዘላቒ ኣገባብ ናብ ዕዳጋታት ከቕርቡ ዝደልዩን ንኣሽቱ ሓረስቶት (ንኡስ ቃጽያ ሕርሻ ዘሎዎም) ዝበለጸት ምርጫ ከም እትኸውን ሓቢሮም።

ገለ ውሑዳት ሓረስቶት፡ ንኣስታት ሓደ ሲሶ ካብ ጠለባት መግቢ ህዝቢ ዓለም ዘማልእ ሕርሻዊ ምህርቲ ዘፍርዩ'ኳ እንተ'ኾኑ፡ ብዙሓት ካልኦት ሓረስቶት ግን፡ ተራ ናይ ኢድ መሳርሒታት ተጠቒሞም'ዮም ምህርቲ ዘፍርዩ ዘለዉ። እዛ ካብ ብከላ ናጻ ዝኾነት ትራክተር፡ ብዝያዳ ነዞም ብማሺነሪታት ዘይተደገፈ ንጥፈታት ሕርሻ ዘካይዱ ተራ ሓረስቶት ክትሕግዝ ኢላ፡ ንኹነታቶም ብዝሰማማዕ ኣገባብ ዝማዕበለት ምኳና፡ ሓደ ካብ ኣማዕበልታ ዝኾነ ኢንጂነር ኣጂት ስሪቫስታቫ ገሊጹ።

እቲ መሃንድስ ወሲኹ፡ እታ ትራክተር ውሑድ ናውቲ ኣካላት ስለ ዘለዋ፡ ብኡ መጠን ዘድልያ መቀያየሪ ኣቑሑ'ውን ውሑድ ምኳኑ ኣብሪሁ። እንተ'ኹነ፡ ንሓደ ሓደ ክብድ ዝበሉ ዕማማት ሕርሻ ብብቕዓት ክትፍጽም ዘኽእላ እኹል ሓይሊ ስለ ዘይብላ፡ ነዚ ድኻማት'ዚ ንምፍዋስ ገና ናይ ምምሕያሽ ስራሕ የካይዱላ ከም ዘለዉ ኣረዲኡ።

ኣብ ቀረባ ግዜ ምሉእ ብቕዓት ዘለዋ ትራክተር ኰይና ናብ ዕዳጋ ክትቀርብን፡ ብኣስታት 30 ሽሕ ዶላር ክትሸየጥን ተስፋ ከም ዘሎ'ውን እቲ መሃንድስ ሓቢሩ። እዚ ዋጋ ድማ፡ ካብ ዋጋ ናይ'ተን ብነዳዲ ዝሰርሓ ኣብ ዕዳጋ ዝርከባ ተመሳሰልቲ ትራክተራት ኣዝዩ ዝተሓተ ምኳኑ፡ እቲ መሃንድስ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

እንተ'ኾነ፡ ዝበዝሑ ሓረስቶት ዓለምና ቅልጡፍ መምልኢ ኤለክትሪክ (ቻርጀር) ይኹን ጸሓያዊ ጸዓት ዘመንጩ ሶላር ፓነል ስለዘይብሎም፡ እታ ዝተፈላለየ ሕርሻዊ ንጥፈታት ከተሰላስል እትኽእል ትራክተር፡ ተጠላብነታ በቶም ምንጪ መምልኢ ጸዓት ዘሎዎም ጥራይ ከይከውን ስክፍታታት ኣሎ።

ምንጪ፦ https://apnews.com/article/electric-tractorsfarming-sustainability (ብሰንጋል ሳሙኤል)



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ንቐደም በሉ!

ነቢላ ተመሃሪት 5ይ ክፍሊ ህጻን'ያ። ኣብ ትምህርታ ትግህቲ፡ ኣብ ገዛኣ ድማ ንእድትን ተሓጋጋዚትን ነበረት። ነቢላ ካብ ትምህርቲ ናብ ገዛኣ ተመሊሳ፡ ተሓጻጺባ፡ ንኣዲኣ ምሳሕ ኣብ ምቕራብ ሓጊዛ፡ ተመሲሓ፡ ናብ መጽናዕታ ተምርሕ ነበረት።



ዕዮ-ገዛኣ ሰሪሓ፡ ንገለ ሰዓታት ድሕሪ ምጽናዕ፡ ከም መዘናጋዕ ንክኾና፡ መጽሓፍ ናይ ምንባብ ልምዲ ነበራ።

ሎም መዓልቲ፡ ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ግዜ ስነ-ቑጽርን ስነ-ፍልጠትን ድሕሪ ምጽናዕ፡ ኣብ መኽዘን ናይ ገዛኣም ሓንቲ ቐደም ዘበን ዝተጻሕፈት 'ንቐደም በሉ' ዝተሰምየት መጽሓፍ ናይ ኣባ ይስሃቕ ገብረየሱስ ትረኽብ እሞ፡ ተገዲሳ ድማ ከተንብባ ጀመረት።

ነቢላ፡ ነታ መጽሓፍ ከተንብባ ዝመረጸትሉ ምኽንያት፡ ቅድሚ ሕጂ 'ማርቀሳይ ወይኒ ምስ ሕምባሻይ' ትብል መጽሓፍ ናይ ኣባ ይስሃቕ ኣንቢባ ስለትፈልጥ'ዩ።

እዛ 'ንቐደም በሉ' ዝኣርእስታ መጽሓፍ ኣብ መጀመርታ ከም 'ማርቀሳይ ወይኒ ምስ ሕምባሻይ' ትብል መጽሓፍ፡ ናይ ዛንታ መጽሓፍ መሲላታ ነበረት። ደሓር ነቲ መእተዊ ምስ ኣንበበቶ ግና መምሃሪ ናይ ምኽሻን መግቢ ኮይና ረኺበታ'ሞ ኣዝያ ተደነቐት። መሊሳ ድማ ተመሰጠት። እቲ ምንታይሲ፡ ብወዲ-ተባዕታይ ዝተጻሕፈ ናይ ምኽሻን መጽሓፍ ቅድሚ ሕጂ ርእያን ሰሚዓን ስለ ዘይትፈልጥ'ዩ።

ባህላዊ መዐየሪታት ምስ ልክዕ ሜትሪካዊ ዓቐናዎም ኣዛሚድካ ምፍላጥ፡ ኣዝዩ ባህታ ዝፈጥረላ ነገር ብምንባሩ፡ መጀመርታ ትኹረት ኢላ ናብታ 'ሃገራዊ መለክዒታት' ትብል ንኡስ ምዕራፍ ብምግንጻል'ያ



ን'ባባ ዝፈለመት። ኣብኡ ዝተፈላለዩ መለክዒታት ከም ናይ ፈሰስቲ፡ ናይ ርዝነትን (ክብደት) ካልኦት መለክዒታትን ኣንበበት። ንገለ ካብቲ ዘንበበቶ ኣብ መሕሰቢኣ ኣስፈረቶ።

ንጽባሒቱ ናብ ትምህርቲ ብምኻድ ምስቶም ኣብ ናይ ስነ-ቑጽሪ ክለብ ዝርከቡ መማህርታ ዘንበበቶ ንኸተካፍል ናብ ቅድሚት ናይቲ ክፍሊ ወጽአት፣

"ከመይ ሓዲርኩም፧ ሎም መዓልቲ ኣብ 'ንቐደም በሉ' ዝኣርእስታ መጽሓፍ ዝረኸብክዎ ኣገዳሲ ሓበሬታ እየ ከካፍለኩም።" ድሕሪ ምባል፡ ዓው ኢላ እናገለጸት፡ ኣብ ሰሌዳ ከምዚ ዝስዕብ ምጽሓፍ ጀመረት፣

| ናይ ፈሰስቲ መለክዒ | |
|---|---|
| ባህላዊ መለክዒታት | ሜትሪካዊ መለክዒ |
| 1 ኣበስንቲ | 1 ሊትሮ |
| 1 ጣሳ | 3 ሊትሮ |
| 1 ፊዮ | 4 ሊትሮ |

"እዞም ኣበስንቲ፡ ጣሳን ፊዮን ዝተባህሉ ባህላዊ መለክዒታት፡ ንመዓርን ጠስምን ንምልካዕ ንጥቀመሎም ስራሓት መሬት ማለት ስራሓት ካይላ እዮም።"

ኢላ መግለጺኣ ክትድምድም ብዘበለት፡ እቶም መማህርታን፡ መምህራ እንክላይ ከይተረፈ ተወሳኺ ባህላዊ መለክዒታት ምስ ሜትሪካዊ ዓቐናዎም ክትነግሮም ለመኑዋ።

ነቢላ፡ ኣብ ዝመጽእ ርክቦም ክትነግሮም ምኳና እኳ ከተርድኦም እንተ ፈተነት፡ ምሕጽንታኦም ስለዘሸበዳ ግና ምስቲ ዝበልዋ ተሰማምዐት፣

"ሕራይ በሉ! ኣብታ መጽሓፍ፡ እተን ብሓምሽተ ኣጻብዕትኻ ድንቁል ኣቢልካ ክትሕዘን እትኽእል "ቊንጣሮ" ይብሃላ። ዝብል እየ ኣንቢበ። ናብዚ ንመልከት፣ (ግ=ግራም)

ክልተ ቊንጣሮ = ሓደ ሕልቂ = ኣስታት 27 ግ

ክልተ ሕልቂ = ሓደ ዕማኾ = ኣስታት 54 ግ

ክልተ ዕማኾ = ሓደ ጢሮ = ኣስታት 108 ግ

ክልተ ጢሮ = ሓደ ሕፍንቲ = ኣስታት 216 ግ

ክልተ ሕፍንቲ = ሓደ ክፉሎ = ኣስታት 432 ግ

ኣቢሉ ይኸውን፡" ኢላ ገለጸትሎም። ኩሎም ተመሃሮ ነቲ ኣብ ሰሌዳ ዝጸሓፈትሎም ናብ ማህደሮም ኣስፈርዎ። ነታ መጽሓፍ ቀጺላ ከተንብባ'ሞ፡ ነዚ ዝመሳሰል ሓበሬታ ክተካፍሎም ምኳና ድማ ቃል ኣተወትሎም።

ንስኻትኩም'ከ መጽሓፍ ድሕሪ ምንባብኩም ብኸምዚ ክተቕርቡ ትኽእሉዶ፧ ስለዚ ፈትኑ፡ ደጋጊምካ ምፍታን ናብ ብቕዓት የብጽሕ!

ካብ መጽሓፍ 'ደሴት ቊጽርታት 2' ዝተወሰደ ዛንታ

ፈራሓ ኣሕመድ

# ጥዑያት ተመሃሮ ንምኳን

ሰላም ተመሃሮ! ጥዑያትን ድልዱላትን ኴንኩም ንኽትዓብዩ፡ እዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ ነጥብታት ኣብ መዓልታዊ ህይወትኩም ክትገብርዎም ይግባእ። እዚኣቶም ከም መምርሒታት ናይ ህይወትኩም ጌርኩም እንተ ወሲድኩሞም ጥዑያት ዜጋታት ክትኮኑ ኢኹም።

## 1. ዝተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ፡

ከምቲ መኪና ንኽትከይድ ነዳዲ ዘድልያ፡ ንኣኻትኩም ድማ ንኽትዓብዩን ንኽትነብሩን ዝተመጣጠነ መግቢ የድልየኩም። ካብቶም ክትምገብዎም ዘለኩም መግብታት ገለ ንምጥቃስ፡

ሀ. ኣሕምልትን ፍረታትን፡ እዚኣቶም ንኣዒንትኹም ዘብርሁ፡ ንቘርበትኩም ዘጽርዩን ካብ ሕማም ዝከላኸሉን እዮም።

ለ. ጸባን እንቋቝሖን፦ ዓጽምኹም ንኽሕይልን ንኽትነውሑን ይሕግዙኹም።

ሐ. ማይ ስተዩ፦ ካብ ሽኮር ዘለዎ መስተ (ከም ዓሲር፡ በረድ) ማይ ይበልጽ። ስለዚ፡ መዓልታዊ ብዙሕ ዝበለ ማይ ምስታይ ንጥዕና ሓጋዚ እዩ።



## 2. ምንቅስቓስ ኣካላት ምዝውታር፡

ምሉእ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ተለቪዥን ወይ ሞባይል ካብ ምቕማጥ ደገ ወጺእኩም ምስ ደቂ ገዛውትኹም ተጻወቱ። ከም ጉያ፡ ኩዕሶ፡ ዝላ፡ ወይ ምስ ኣዕሩኽትኹም ምጉያይ ልቢ ንኽትሕይል ይሕግዛ። ምንቅስቓስ ኣካላት ወይ ጸወታ ንኣእምሮኹም ንቑሕን ሕጉስን ከም ዝኸውን ይገብሮ እዩ።

## 3. ጽሬት ኣካላት ምሕላው፡

ሀ. ኣእዳውኩም ተሓጸቡ፦ ቅድምን ድሕርን መግቢ ምብላዕኩምን ድሕሪ ሽቓቕ ምጥቃምኩምን ኣእዳውኩም ብሳሙና ጽቡቕ ጌርኩም ተሓጸቡ።

ለ. ኣስናንኩም ሕጸቡ፦ ንግሆን ምሸትን ኣስናንኩም ብምሕጻብ ካብ ምሕሳኽን ቃንዛን ተኸላኸሉ። ጽቡቕ ፍሽኽታ ንኽህልወኩም

## ምኽሪ ንደቅና

ወትሩ ኣስናንኩም ብግቡእ ሓዙ። ሽኮራዊ መግቢ ድማ ኣይተብዝሑ።

ሐ. ኣካላትኩምን ክዳውንትኹምን ብጽሬት ሓዙ፡ መዓልታዊ ኣካላትኩምን እትለብስዎም ክዳውንትን ከይረስሑ ክትቈጻጸሩ፣ እንተ ረሲሖም ድማ ቀልጢፍኩም ሕጸብዎምን ቀልጢፍኩም ቀይርዎምን።

## 4. እኹል ድቃስ ምውሳድ፡

ምሸት ቀልጢፍኩም ደቅሱ። ኣካላትኩም ደቂስኩም ከለኹም እዩ ዝዓቢ። ጽቡቕ እንተ ደቂስኩም ንጽባሒቱ ንቑሓት ትኾኑ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከኣ ብትግሃት ትመሃሩ። ስለዚ፡ ናይ ድቃስ ግዜኹም ብግቡእ ተጠቐምሉ።

## 5. ሕጉሳት ኩኑ (ምስ ሰብ ተሳነዩ)፡

ጥዕና ማለት ናይ ኣካል ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ኣእምሮ ጥዕና እውን የጠቓልል እዩ። ምስ ስድራቤትኩምን ኣዕሩኽትኩምን ብፍቕርን ቅንዕናን ተጻወቱ። ሕጉሳት ክትኮኑ ወትሩ ጽዓሩ። ምስ ሰባት ብዘይጠቅም ነገር ምኒን ኣይትበሉ። ምስ መዛኑኹም ዘይምርድዳእ እንተ ኣጋጢሩ፡ ካባኹም ንዝዓብዩ ምስ እተካፍሉ ክፍትሓልኩም ይኽእል እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ቂም ኣይትሓዙ። ቂምታ ንኣኻትኩም እዩ ዘሳቕየኩም።

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ እዞም ነጥብታት እዚኣቶም እንተ ጌርኩም፡ ጥዑያት፡ ሓያላትን በላሕትን ተመሃሮ ኴንኩም ክትዓብዩ ትኽእሉ ኢኹም!

መም/ ሽዊት በየነ

# ነዞም ተዋሂቦም ዘለዉ ቃላት ኣብዛ ሰንጠረዥ ድለይዎም፧

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ደ | ቐ | ገ | በ | መ | መ | ነ | ጨ |
| ወ | ጀ | ገ | ነ | መ | ጠ | ወ | የ |
| ነ | ደ | ለ | የ | ዐ | የ | ጀ | ጠ |
| ወ | ገ | ጀ | ለ | በ | መ | ጸ | የ |
| ለ | የ | መ | ቐ | መ | ጨ | ወ | ጠ |
| ደ | ነ | ነ | የ | ረ | ረ | ሰ | የ |
| ጸ | ረ | ገ | ሰ | ወ | ቐ | ነ | ጸ |
| ሰ | ሰ | ዐ | ገ | የ | ረ | ነ | በ |

ጠወየ

ጨረቐ

ደለየ

ደነነ

ጀለበ

ጸረገ

ሰሰዐ

ወሰነ

መጸየ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ዳዊት ገብረእግዚኣብሄር ተኽለ፣ ብዓልቲ ቤተይ ናዝሬት ተኽለ ገብረጊዮርጊስ ስለዝዓረረት፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ ንገ ደቅና ወረስቲ ምኳንም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/4/2026 ኣብ 9ይ መጋባእያ ቁ 32 ይቕረብ።

ቢንያም የውሃንስ ኣብርሃ፣ ኣዴና ጸሃይቱ ወልደማርያም ሓድጉ ስለዝዓረረት፣ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/4/26 ኣብ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣሕፍሮም ተስፋዝጊ ዑቕባጋብር፣ ተጸዋዕቲ 2.2 ሳሌም በየነ ጊላኡ 2.3 ኣማን በየነ ጊላኡ 2.4 ማርታ በየነ ጊላኡ ኣብ ልዕሌኹም ንትእዛዝ ፋይል ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ ን14/4/20 ኣብ 6ይ መጋባእያ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረቡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ትብለጽ ገብረመስቀል እልፋይ፣ ብዓል ቤተይ ገብረማርያም ወልደኣረጋይ ይግዛው ስለዝዓረረ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቅና ወረስቲ ምኳንም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/4/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኩሉብርሃን ስብሃቱ ተሬራ፣ ብዓል ቤተይ ህንጻኣብ ሃይለስላሴ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረረ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 2 ደቅና ወረስቲ ምኳንም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን14/4/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኩብራ ዓንደብርሃን ግርሙ፣ ብዓል ቤተይ ሃብተማርያም ኣርኣያ ምኻ ስለዝዓረረ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 8 ደቅና ወረስቲ ምኳንም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/4/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ዘርኣይ ኣርኣያ፣ ስም ኣደይ ሂማን መንግስትኣብ ገብረስላሴ ምባል ተሪፉ፣ ሃይማኖት መንግስትኣብ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኢክራም ኣሪዲን መሓመድኑር ምባል ተሪፉ፣ ሓያት ኣሪዲን መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍትሓዊት ተካ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፣ ፍትሓዊት ተካ ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሶሊያና ግርማጽዮን ጎይትኦም ምባል ተሪፉ፣ ሸዊት ግርማጽዮን ጎይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማትያስ ተስፋልደት ተስፋይ፣ ተጸዋዒ መም/ ተስፋልደት ተስፋይ ወልደማርያም፡ ን7/4/26 ኣብ 3ይ መጋባእያ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኢትዮጲያ ተመስገን ገብረእግዚኣብሄር፣ ብዓልቤተይ ኣማኒኤል ባርናባስ ገብረማርያም ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 6 ደቅና ወረስቲ ምኳንም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/4/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወልደትንሳኤ ተስፋጼን መሻ ምባል ተሪፉ፣ ወልዱ ተስፋጼን መሻ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን 6/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ኣቶ ንጉሰ ብርሃ ጉበረ፣ ኣብ ዞባ ደቡብ፣ ከተማ መንደፈራ፣ ዞን 3፣ ፕሎት ፓርሰል M ብመወከሲ ቁጽሪ 61008001519 ምስክር ወረቐት ስለዝጠፈኣ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዝዮ ዝብል እንተሎ፣ ብቑጽሪ ስልኪ 07128094 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክሕብረና፣ እንተዘይሒቡ ግን መተኻእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኽንያት እሕብር።

ኣቶ ንጉሰ ብርሃ ጉበረ

---

ብስም ሰሚራ ተኪኤ ስብሃትልኣብ፣ ኣብ ዓዲ/ኩቢ ወኪዶባ ብመወከሲ ቁጽሪ 001087 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 014335 ፕሎት D ፓርሰል 7 ን መዝገቢ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፈኣ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዝዮ ዝብል እንተሎ፣ ብቑጽሪ ስልኪ 07537071 ክሕብረና፣ እንተዘይሒቡ ግን መተኻእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኽንያት እሕብር።

ሰሚራ ተኪኤ ስብሃትልኣብ

---

ኣብ ን/ዞባ ማይተመናይ ፕሎት1፣ ፓርሰል A ዚፕ ኮድ 1 A11፣ ጎደና 112-4፣ ቁጽሪ 01 ኣብ ምስክር ምዝገባ ዋንነት ንብረት መለለዪ ቁ.1BRASM013732 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛይ ንወዲ ሓብተይ ኣቶ ግርማይ ተወልደ ወልደእየሱስ፣ ብዕለት 19/10/2025 ዓ/ም ኣብ ረጂስትራል ናይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብመዝ.ቁ. 234/2025 ዝተመዝገበ ገደረ ብህያብ ዝሃብክዎ ገዛ ናብ ስሙ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረቡ ግና ጉዳይ ምትሕልላፍ ክንፍጽም ምኳምና ንሕብር።

ወ/ሮ እማኑ ገብረመድህን ወልደጋብር
ወኪል ኣቶ ሳሚኤል ገብረኣብ ወልደሚካኤል

---

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ የናስ የማነ ብፍ/በ/ዕዳ የሴፍ የማነ ብዝተፈጥረ ክርክር፣ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ መኪና ቁ/ሰሌዳ ER -3-A-6837 ቁ/ቻሲ ZECNIVP1004081132 FIAT190-36 ዝዓይነታ ከበድ ናይ ጽዕነት ጎታቲት ናይ ደረቕ ጽዕነት መኪና ከምኡ'ውን ቁ/ሰሌዳ 3B0493T ቁ/ቻሲ 3751/125/125*2156 ሰሚ ትረይለር ናይ ደረቕ ጽዕነት ቤትሮ ናይ ቅድሚት ሰበር ምስ ተሰሓቢታ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ትርከብ ኮይና፣ ቤት ፍርዲ ቤት ፍርዲ ብሓራጅ ተሸይጣ መኽፈሊ ዕዳ ክትከውን ስለ ዝኣዘዘ፣ እዛ ተጠቒሳ ዘላ መኪና ብኩሊላ ማጠቓለሊ ዋጋ ሓራጅ 650.000 (ሹዱሽተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ) ናቕፋ ተገሚታ ስለዘላ፣ ክውዳደር ዝደሊ ካብ ዝቐረበ ግምት ዋጋ 1/4 ብስም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ በቲ ሕሳብ ሒዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክውዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት፣ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብፊደልን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
መኪና ክርኢ ዝደሊ ኣብ ኣርባዕተ ኣስመራ ከባቢ እንዳ በዓለ እግዚኣብሄር ከይዱ ክርኢ ይኽእል።
ዕለት ጨረታ፦ 20/4/2026
ሰዓት ጨረታ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ጨረታ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ተወሳኺ ሓበሬታ ቁ/67 ተወከሱ።
ፈጻሚት ፍርዲ

---


## መጽሓፍ ኣሰይ ጥምርቲ

እተን ካብ ኣሰይ 1 ክሳዕ ኣሰይ 5 ብተኸታታሊ ተሓቲመን ብተመሃሮ ኣዝየን ፍቱዋት ዝነበራ መጽሓፍቲ፣ ተመሓዩሸንን ኣብ ሓደ ተጠርኒፈንን "ኣሰይ ጥምርቲ" ብዝብል ስም ኣብ ሓንቲ መጽሓፍ ተሓቲመን ኣለዋ።

መጽሓፍ ኣሰይ ጥምርቲ

ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝኛን ትግርኛን
ሰፊሕ ዝርርብ ቋንቋ እንግሊዝኛ
ጽውጽዋያት፣ ግጥምታት




ኣብ መላእ ሃገር ኣብ ዝርከባ ስቴሽነሪታት ተዘርጊሓትልኩም ኣላ!
ኣሕታምን ኣከፋፋልን ናሆም ጉዕሽ
ቍጽሪ ስልኪ፦ 07464677/ 07629207


---


## ሓደስቲ መጽሓፍቲ NEW BOOKS

### ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream ): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*




**ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፣**

- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መለመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

07151337/07282165

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.

Senior Trainer Fixed- Plant Electrical and Instrumentation Training Officer
Number required – (01)
Type of contract –definite (02 Years)

Major Duties and responsibilities
• To develop, coordinate and monitor training in process maintenance for both experienced fixed plant electrical personnel and electrical trainees.
• Close supervision and on the job guidance and monitoring of skills development of trainees to develop sufficient skills to maintain independently.
TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS
Health and Safety
• Maintain all necessary processes and procedures as outlined in the Training Management System.
• Model and promote expected behaviors, with emphasis on desired values, safe work practice, punctuality, efficiency and quality of work.

Accreditations
• Impart required process electrical and instrumentation skills and knowledge in accordance with prescribed curriculum, programs and standards.
• Conduct training needs analysis and develop training plans for process maintenance electrical and instrumentation personnel and contribute towards production of teaching schedules and other training associated administration
• Conduct assessment and testing as required and maintain accurate records of all training and assessment activities

Training and Assessment
• Coordinate training in process electrical and instrumentation maintenance for both experienced plant electricians and trainees.
• Develop and modify process training and assessment material where directed.
• Contribute towards production of teaching schedules and other training associated administration.
• Conduct assessment and testing as detailed in curriculum.
• Maintain accurate records of all training and assessment activities.
• Engage with departments to ascertain their needs.
• Develop training content, research, pull together material and seek approval on said content from the coordinator.

Staff Leadership
• Supervise and provide on-the-job guidance to the trainees.
• Conduct assessments to establish current competencies and report on same in areas where competency gaps are identified.
• Monitor progress of process trainees and provide coaching and instruction as required.
• Apply vocational guidance and counselling as needed

Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| • Formal Education, Certifications or Equivalents | • Bachelor's degree in electrical engineering.<br>• Workplace Trainer and Assessor IV |
| • Working Experience – Nature & Length | • Minimum of 5 years' generalized experience in Process Plant maintenance, with previous facilitation experience, of which 2 years should be in a supervisory capacity.<br>• Previous training experience in the mining industry is essential. |
| • Technical Skills | • Extensive theoretical and practical experience, knowledge and understanding of fixed plant electrical & instrumentation<br>• Excellent teaching and facilitation skills.<br>• Possess a knowledge of competency-based curriculum.<br>• Effective interpersonal and communication skills.<br>• English language ability (spoken and written).<br>• Advanced computer skills.<br>• Experience preferred in Gold Processing environment<br>• Extensive experience in High Voltage, PLC, Instrumentation<br>• Valid Driver's License |
| • Behavioral Skills | • Approachable \| Assertive \| Continuous Learning \| Dedicated \| Goal Oriented \| Influential \| Initiative \| Leadership \| Pro-Active \| Reliable \| Results Driven \| Safety Conscious \| Technically Inclined \| Organized |

UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION
Strong ability to train, mentor and build a competent electrical maintenance team.

• General Information and other requirements:

• Place of Work: AMSC Site
• Type of contract: definite Period
• Salary: As per the Company salary scale

• Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

• Address: Please mail your applications to.
• Asmara Mining Share Company,
• P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
• Applicants shall be required to send a copy to:
• Mineral Resources Management
• P.O. Box – 272
• Asmara
• Note to Eritrean applicants:
 Please send a copy of your application to
 Aliens Employment Permit Affairs,
 P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

### 1. Position: HME Reliability Supervisor

**Department: Mining**
**Section: HME Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Reporting to the Reliability Engineer, the Reliability Supervisor is responsible for supporting the performance, reliability, and longevity of mobile mining equipment.
- This role involves leading tribological analysis, developing lubrication strategies, and driving improvements in equipment reliability through data-driven insights.

**Essential Functions**

The position will report to the HME Engineer and the duties will include, but not limited to, the following:

- Promote safe, healthy and fair work environment

  - Develop standard safe working procedures and actively participate in HSE initiatives.

  -Carry out formal workplace inspections on a routine basis.

- Assist in the set-up CM (Condition Monitoring) and Reliability process at Mobile Equipment maintenance

  -Assist to set up condition monitoring systems on site.

  -To set up design systems and document management systems.

  -To set up continuous improvement processes.

- Lead condition monitoring functions:

  -Analyze the electronic data (VIMS, ET).

  -Oil condition Analysis (fluid degradation) using established guidelines and Trend analysis.

  -Oil contamination Analysis (Detection of contaminants) using established guidelines

  -Component Wear Rate (Evaluate the wear) using Trend Analysis and Wear Tables and Type of wear

  -Collect the information of magnetic plugs/magnetic screen condition and elaborate a database of the inspections.

- Lead reliability functions:

  -Participate in implementing reliability improvement initiatives in conjunction with the equipment asset multi-cultural teams.

  -Actively seek and identify Equipment performance opportunities together with maintenance team and execute plans to improve performance and/or cost efficiency

  -Review equipment performance for efficiency/operability improvement and provide financial justification for related capital projects.

  -Provide support to the sections for RCA and lead RCA investigations into significant incidents as necessary.

- Collaborating with BMSC Maintenance teams and related functions to optimize efficiencies

  -Evaluate equipment performance to identify and initiate development opportunities.

  -Review equipment performance for efficiency/operability improvement and provide financial justification for related capital projects.

  -Support failure, root cause, and incident investigations and develop recommendations and action plans to prevent recurrence

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Behavioural
- Technical
- Safety, Health & Environment
- Reliability practices
- Operations & Service Delivery
- Technical and Financial Budgeting and Forecasting
- People Management

**Unique requirements/other information**

- Please note this job description is not designed to cover or contain a comprehensive listing of activities, duties or responsibilities that are required of the employee for this job. Duties, responsibilities and activities may change at any time with or without notice.
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Mechanical Engineers Degree or diploma or equivalent within the mechanical profession<br>• Certificate or diploma in Planned maintenance systems or equivalent will be advantageous<br>• 5 Years experience in a supervisory role in a mining environment. | • 5 Years' experience in HME Mobile plant as a planned maintenance or condition monitoring Supervisor<br>• Previous expatriate assignment experience will be required<br>• Strategic HME planning experience will be highly advantageous<br>• Must be a holder of a valid driver's licence. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Writing of technical reports<br>• Good communication skills on technical level<br>• Ability to understand trending (SOS Samples, Wear rate etc)<br>• Use the technical documentation of the manufacturers<br>• Computer Literacy (MS Office – Intermediate and Excel – Advanced, In-house software)<br>• Theoretical understanding and practical implementation of safety management<br>• Maintenance Planning<br>• Maintenance Strategy<br>• Planning & Organizing<br>• Condition Monitoring | • Strong problem-solving and analytical skills<br>• Clear communicator at operational and leadership levels<br>• Structured, disciplined, and outcomes-focused<br>• Strong safety leadership and risk awareness<br>• Structured, disciplined, and continuous improvement focused<br>• Able to coach & mentor national workforce<br>• Committed to the organizational ethics<br>• Driving for best result<br>• Strive for quality<br>• Independent and responsible, able to make decisions.<br>• Observer, with a good spirit of analysis and synthesis.<br>• Rigorous, organized, methodical and persistent.<br>• Adhering to principles & values<br>• Relating and Networking. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ፈስቲቫል ፊልም

## 1ይ ፈስቲቫል ፊልም ኣስመራ 2026

### ፕሮግራም መዓልታዊ ሰሚናራት

ሰዓታት 8፡30 – 12፡00 ቅ፡ቀ                ቦታ፡- ኣዳራሽ ሃገራዊ ኸሰኤ

| ቁ | ኣርእስቲ ሰሚናር |
|---|---|
| | **ሰኑይ 23/03/2026** |
| | **1, ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ፊልምኣብ ኤርትራ** |
| 1.1 | ታሪኽ ፊልም ኤርትራ ካብ መጀመርታ ጥልያን ክሳዕ ምውዳቕ ሃይለስላሰ |
| 1.2 | ታሪኽ ፊልም ኤርትራ ካብ 1961 - 1991 |
| 1.3 | ታሪኽ ፊልም ኤርትራ ካብ 1991 ክሳብ ሕጂ |
| | **ሰሉስ 24/03/2026** |
| | **2, ዓለማውን ኣፍሪቃውን ዓውዲ ኢንዱስትሪ ፊልም (ሓፈሻዊ ፍልጠት)** |
| | **ረቡዕ 25/03/2026** |
| | **3, እዋናዊ ፊልምታትና ከመይ ይመስል?(1)** |
| 3.1 | ህሉው ደረጃ ብቕዓት ኣጸሓሕፋ ዛንታ ፊልምታትና ከመይ ኣሎ? |
| 3.2 | ኣልያ ፊልምታትና ከመይ ይመስል? |
| 3.3 | ህሉው ደረጃ ብቕዓት ኣወሳስኣና ከመይ ይመስል? |
| 3.4 | ህሉው ደረጃ ብቕዓት ስእሊ (ሲነማቶግራፊ) ከመይ ኣሎ? |
| 3.5 | ህሉው ደረጃ ብቕዓት ኣርትዖት ስእሊ ከመይ ኣሎ? |
| | **ሓሙስ 26/03/2026** |
| | **4, እዋናዊ ፊልምታትና ከመይ ይመስል?(2)** |
| 4.1 | ህሉው ደረጃ ብቕዓት ምክናእ መመላኽዒን ኣልባሳትን ኣብዓውዲ ፊልም ከመይ ኣሎ? |
| 4.2 | ህሉው ደረጃ ብቕዓት ድምጽን ሙዚቃን ኣብ ዓውዲ ፊልም ከመይ ይመስል? |
| 4.3 | ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ መሰነይታ ሙዚቃ ኣብ ፊልም |
| | **ዓርቢ 27/03/2026** |
| | **5, ኣብ መጻኢ ፊልምታታ ከመይ ክኾና ይግባእ** |

| ሰኑይ 23/03/2026 | | ሰዓታት 3፡00 – 9፡00 ድ፡ቀ |
|---|---|---|
| ቁ | ኣርእስቲ ፊልም | ቦታ |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ዓሕሪ*** | ሲነማ ሮማ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ሃዳኒት*** | ሲነማ ሮማ |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ጌጋ ዴዩ*** | ሲነማ ሮማ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ዶማማይ ሂወት*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ናራ ***ኣራ-ዳ*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ፍቕሪ ሰማያዊ*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***እታ`ደ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ሮብራ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ሰዛራ*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 2 | ያታዊት ፊቸር ፊልም ***ንጉስ ሜካ*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ብሊን ***ሸንጓለ*** | ሲነማ ሓማሴን |

| ሰሉስ 24/03/2026 | | ሰዓታት 3፡00 – 9፡00 ድ፡ቀ |
|---|---|---|
| ቁ | ኣርእስቲ ፊልም | ቦታ |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***መላጸ*** | ሲነማ ሮማ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ብሊን ***ሸንጓለ*** | ሲነማ ሮማ |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ሰባሪ ማሕላ*** | ሲነማ ሮማ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ሚኒስተር*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ሰዛራ*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 3 | ማሕበራዊት ሓጺር ፊልም ***ሕነ ዓሚ*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| | | |
| 1 | ትምህርታዊት ፊቸር ፊልም ***ነፂሕ ቀጸሪ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ባህጊ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ዓራድ*** 77 | ሲነማ ሓማሴን |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ፍቕሪ ሰማያዊ*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ትግረ ***እንዳዕ ዲብ ዕድራ*** | ሲነማ ሓማሴን |

| ረቡዕ 25/03/2026 | | ሰዓታት 3፡00 – 9፡00 ድ፡ቀ |
|---|---|---|
| ቁ | ኣርእስቲ ፊልም | ቦታ |
| 1 | ያታዊት ፊቸር ፊልም ***ንጉስ ሜካ*** | ሲነማ ሮማ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ዓብለል*** | ሲነማ ሮማ |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ማዕበል*** | ሲነማ ሮማ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ፍቕርን ኩናትን*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ሳሆ ***ሳቦ*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ሰጠር ምስጢር*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***መትኒ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ደበስ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ሚኒስተር*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ለይላ*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ብዳውየት ***ኣራውየት*** | ሲነማ ሓማሴን |

| ሓሙስ 26/03/2026 | | ሰዓታት 3፡00 – 9፡00 ድ፡ቀ |
|---|---|---|
| ቁ | ኣርእስቲ ፊልም | ቦታ |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ፈትሊ ናይታ ሸምዓ*** | ሲነማ ሮማ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ፍቕሪ ብደረጃ*** | ሲነማ ሮማ |
| 3 | ትምህርታዊት ፊቸር ፊልም ***መን ከም ሀያብ*** | ሲነማ ሮማ |
| | | |
| 1 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ኣባዲት*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ቀያሕ ሮግቢት*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 3 | ታሪኻዊት ሓጺር ፊልም ***ዜታው*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| | | |
| 1 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ሀያብ ፈጣሪ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ዓፈር ***ኢኮይታ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ብርኩታ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ጽንዓት*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ዓብለል*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ኩናማ ***ሶና ኤሊጋ*** | ሲነማ ሓማሴን |

| ዓርቢ 27/03/2026 | | ሰዓታት 3፡00 – 9፡00 ድ፡ቀ |
|---|---|---|
| ቁ | ኣርእስቲ ፊልም | ቦታ |
| | | |
| 1 | ፊልም ቋንቋ ቻይና *The Wandering Earth* | ሲነማ ሮማ |
| 2 | ፊልም ቋንቋ ጥልያን *Cinema Paradiso* | ሲነማ ሮማ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ምቁር መርዚ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ብዳውየት ***ኣራውየት*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ራሄል*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ሕድሪ*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ሃልውለይ*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ሳሆ ***ሳቦ*** | ሲነማ ሓማሴን |

| ቀዳም 28/03/2026 | | ሰዓታት 3፡00 – 9፡00 ድ፡ቀ |
|---|---|---|
| ቁ | ኣርእስቲ ፊልም | ቦታ |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ሕድሪ*** | ሲነማ ሮማ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ትግረ ***እንዳዕ ዲብ ዕድራ*** | ሲነማ ሮማ |
| 3 | ታሪኻዊት ሓጺር ፊልም ***ምስጢር ምድረብዳ*** | ሲነማ ሮማ |
| 4 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ሸየኸ*** | ሲነማ ሮማ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***መትከል*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ለይላ*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| 3 | ማሕበራዊት ሓጺር ፊልም ***ኣሚን (ምዕልባጥ)*** | ሲነማ ኣዝመራ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ፍዳ ጥልመት*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ሃልውለይ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| 3 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ሰዛራ*** | ሲነማ ኢምፐሮ |
| | | |
| 1 | ታሪኻዊት ፊቸር ፊልም ***ፈትሊ ናይታ ሸምዓ*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 2 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ***ኣሚኒት*** | ሲነማ ሓማሴን |
| 3 | ማሕበራዊት ፊቸር ፊልም ቋንቋ ዓፈር ***ኢኮይታ*** | ሲነማ ሓማሴን |

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## "ወዲ 8 መዓልቲ ህጻን ሒዘ'የ ማትሪክ ክፍተን ጀሚረ . . ." ዓዚዛ መሓመድዑመር

ማርያም የሱፍ

*ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ (ማትሪክ) ካብ 16 መጋቢት 2026 ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ሃገርና ይካየድ ከም ዘሎ ዝፍለጥ እዩ። ሓንቲ ካብተን ዚ ፈተና ዘእንግዳ ዘለዋ ኽፍሊታት ድማ፡ ቤት ትምህርቲ ሰ ኪት ዊና - ናቕፋ እያ። ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ዊና፡ ነቲ ብሞያን ማዕረ ማዕረኡ ክቕሰሙዎ ዝጸንሑ ስራሕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲን ሃዚሞም ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ተጸሚዶም እዮም ቀጺሎም። ድሕሪ ምዝዛም ኻሲ ወሰፍ ፈተና፡ ህጻውንቲ ቆልዑ ሓዚለን ኣመት ደቀን ዝዝብራ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ተዓዘብኩ፡ ኣቓልቦና ስለ ዝሰሓበ፡ ኩነታተን ክንፈልጥ ተወኪስናየን ነይርና። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ትምህርቲ ተፈልየን ዝጸንሓ 17 ደቂ ኣንስትዮ ትምህርተን ክቕጽላን ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ክሳተፋን ስለ ዝኾኖ፡ ምኩዶም ሰሩዓት ተመሃሮ ዝፍተና ዘለዋ ምፍኻን ድማ ፈሊጥና። ንኽልተ ካብኣተን ንድሕሪ ባይታኣንን ሓፈሻዊ ናይ ትምህርቲ ተመኩሮኣንን ኣመልኪትና ዘገርናዮ ሓጺር ዕላል ድማ ናብ ኣንበብቲ ነብሎ - ሰናይ ንባብ-*

"ዓዚዛ መሓመድዑመር ይበሃል። ካብ ኣፍዓበት ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ማለት ማትሪክ ክሰተፍ እየ መጺአ። ኣነ ኹ ተመሃሪት ታሸዓይ ክፍሊ ከለኹ እየ ተመርዕየ። መርዓት ከለኹ ናይ ታሸዓይን ዓስራይን ክፍሊ ትምህርተይ ቀጺለ። ብድሕሪኡ ግን ኻሰ ጾር ስለ ዝበርኩ ትምህርቲ ኣቋሪጸ። ወዲ ድማ ተገላገለ። ወደይ ወዲ ዓመትን ሸሞንተ ወርሕን ምስ ኮነ ዳግማይ ትምህርተይ ክቕጽል ወሲነ። ምሸታዊ እናተመሃርኩ ድማ ናይ 11 ክፍሊ ትምህርተይ ዛዚመ። ኣብ ከተማ ኣጋጣሚ ኣብ ክረምቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት፡ መንግስቲ ብዘፈጠሮ ዕድል፡ መምህራን ናይ ቅድመ ትምህርቲ ንክኸውና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ንደቂ ኣንስትዮ ናይ ስልጠና ዕድል ተዋሂቡ ነይሩ። ኣነ ድማ ሓንቲ ካባኣን ኮይነ ኣብ ማይ ኣፍሓ ናይ ሓደ ወርሒ ስልጠና ወሲደ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዳግማይ



ኩለን ኣደታት ኣብ ግዜ ፈተና

ስእሊ፡ ቃልኣብ ዘሙይ

ናይ ሰለስተ ወርሒ ኻሰ ጾር እየ ነይረ። ካብ ማይ ኣፍሓ ምስ ተመለስና፡ እተን ኣብ ትምህርቲ ዝበርና ትምህርትና ቀጺልና፡ እተን ትምህርተን ዛዚመን ኣብ ገዛ ኮፍ ኢለን ዝበራ ሰብ ሓዳር ግን ግቡእ ስርሐን ጀሚረን ኣለዋ። ኣነ ድማ ዳግማይ ብናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርተይ ቀጺለ። ብጸቡቕ ትምህርተይ ተኸታቲለ፡ ኣብ ምዝዛም ናይ ትምህርቲ ግን ሕማም ሕርሲ ተታሒዘ። ኣልሓምዱሊላህ ጥዑይ ህጻን ተገላጊለ። እዚ ማለት፡ ማትሪክ ሰሙን ክተርፎ ከሎ እዩ። ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ኣብ ናቕፋ ከም እንፍተን ተሓቢሩና ስለ ዝበረ ድማ፡ ደቀይ ሒዘ ናብ ናቕፋ መጺአ። ወዲ 8 መዓልቲ ህጻን ወደይ ሒዘ ድማ ፈተና ክፍተን ጀሚረ። እንሆ ድማ ኣብ ምዝዛም በጺሐ ይርከብ።

እዚ ውሳነ ክወስን ዝመረጽኩ፡ ትምህርተይ ክቕጽል ልዑል ድሌት ስለ ዝበረኒ እዩ። ናተይ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ድሌት ናይ ብዓል ቤተይን ወለደይን'ውን እዩ። ብዓል ቤተይ፡ ክመሃር ልዑል ደገፍ ገይሩለይ እዩ። ኣሃን ንሱን ሰራሕና እናሰራሕና ናብራና ክንኣሊ እዩ ድሌትና። ሓወይ'ውን መምህር ስለ ዝኾነ፡ ትምህርተይ ንኽወድእ ዝዓበየ ተራ ዝተጻወተ እዩ።

ብቐንዱ ግን ኣነ ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ዓቢ ድሌት ነይሩኒ። ምህርቲ ኣደ ምህር ስድራቤት እያ ተፍረ። ብዓቕመይ ንመዓልታዊ ናይ ወደይ ትምህርታዊ ንጥፈታት እከታተል እየ። ዓቕመይ ዘፍቅዶ'ውን ይሕግዞ። ኣነ እንተ ዘይተማሃረ ግን ደቀይ'ውን ናተይ ዕጫ እዩ ክገጥሞም። ስለዚ፡ ብቑዕምነት ንፍሰይ፡ ብኻልኣይ ድማ ንደቀይ ኣርኣያ ክኸውን እደሊ እየ።

ዝያዳ ኩሉ ምስጋና ዝግብኦ ግን ወላዲተይ እያ። መጀመርያ ኣልሓምዱሊላህ፡ ምስ ስድራይ ከለኹ እየ ሓሪሰ። ኣብ ኣፍዓበት እንተ ዘይሓረስ'ውን ፈተና ኣብ ናቕፋ ምኻኑ ተሓቢርና ስለ ዝበርና፡ ኣብ ናቕፋ መጺአ ክሓርስ መዳብዮ እየ ነይረ። ፍቓድ ረቢ ኮይኑ ግን ኣብ ዓደይ ሓሪሰ። ሕጂ ድማ ኣደይ፡ ካብ እግርኺ ኣይተርፍን'የ ኢላ ቆልዑ ክትኣልየለይ ምሳይ መጺአ ኣላ። ናብ ፈተና ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ክልተኦም ደቀይ ምስ ኣደይ ጉዳፈያም እየ ዝኸይድ። ስለዚ ዳርጋ ስድራይ'ውን ምሳይ እዮም ዝፍተኑ ዘለው። እዚ ቤት ትምህርቲ ንዝገበሮ ኩሉ ደገፍ'ውን ዓቢ ምስጋና ይግብኦ።"



ዓዚዛ መሓመድዑመር

**ወላዲት ወ/ሮ ዓዚዛ ኣደይ ፋጥማ ዓሊ መሓመድ ብዕድመ ዓባይ ክኾና፡ ደቂ ጓለን ክኣልያ ካብ ኣፍዓበት ናብ ናቕፋ ዝተጓዕዛ ኣቦታዊት ኣደ እየን። እዚ ንባዕሉ ሕብረተሰብና በጺሑዎ ዝሎ ሓደ ደረጃ ንቕሓት እዩ ዘንጸባርቕ። ኣደይ ፋጥማ፡ ምኽንያት ናብ ናቕፋ መምጽኣአን ምስ ተወከስናየን፡**

"ኣነ ጓለይ ምስ ብጾታ ትምህርታ ክትዛዝም፡ ፈተናኣ ብግቡእ ክትገብር፡ ደቃ ኣብ ምእላይ ክሕግዝ እየ መጺአ። ክትመሃረለይ እየ ዝደሊ። ውላዲ ኩሉ ግዜ ጸቡቕ ናይ ደቁ እዩ ዝደሊ። ድሌተይን ድሌታን ድማ ክሰምረልና እምነ። ትምህርቲ ሕማቐን ጸቡቐን ክትፈልጥ፡ ዝጠቕመካን ዝጎድኣካን ከተለሊ የኽእለካ እዩ። ጓለይ ድማ ተማሂራ ንፍሳን ደቃን ክትከውን እየ ዝሕግዝ ዘለኹ። ብቐንዱ፡ ጓለይ ምስ ተማህረት ንሃገራ ግቡኣ ክትህብን ክትወስድን እደሊ። (ምን ደውሊታ እግል ተሃብ ወግል ትንሳእ)።" ዝብል መልእኽቲ ኣሕሊፈናልና።

**ወ/ሮ መዲና ዓብደልቃድር እውን ነባሪት ከተማ ኣፍዓበት ኮይና፡ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ክልተ ቆልዑን እያ። ደቃ እናኣለየት ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካብ ዝሳተፋ ዘለዋ ኣዴታት ሓንቲ እያ። ብዛዕባ ተመኩሮኣ ክተዛረብ ከላ ድማ ከምዚ ትብል፦**

"ኣነ ኣብ 2020 ተመሃሪት 10ይ ክፍሊ ከለኹ'የ ተመርዕየ። ምስ መርዓን ሓዳርን ትምህርቲ ኣጸጋሚ ስለ ዝበረ፡ ትምህርተይ ክቕጽል ኣይከኣልኩን ኣቋሪጸ። ኣብ ዓመተይ ቦኽሪ ጓለይ ተገላጊለ። ኣብ 2024 ድማ ጓለይ፡ ጓል ክልተ ዓመትን መንፈቕን ምስ ኮነት ዳግማይ ናብ ትምህርቲ ክምለስ ወሲነ። ምሸታዊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ኣፍዓበት ዓስራይን ዓሰርተ ሓደን ክፍልን ወዲአ። 11 ክፍሊ ክውድእ ከለኹ፡ ነዛ ካልኣይቲ ጓለይ ኻሰ ጾር እየ ነይረ። ኣብ ከተማ ኣጋጣሚ፡ ብመንግስቲ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ብዝተፈጥረ ናይ ስራሕ ዕድል ስልጠና ክወስድ ናብ ማይ ኣፍሓ ከይደ። ኣብ ኣጋ ምዝዛም ድማ ሕማም ሕርሲ ተታሒዘ ናብ ሆስፒታል ኣሮታ ከይደ። ድሕሪ ዝተገብረለይ ግቡእ ክንክን ከኣ ካልኣይቲ ጓል ብሰላም ተገላጊለ። ምስተን ነቲ ስልጠና ክሳተፋ ዝመጽኣ ብጾተይ'ውን ናብ ኣፍዓበት ብሰላም ተመሊሰ። ቁሩብ መዓልታት ኣዕሪፈ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርተይ ንምዝዛም ትምህርተይ ቀጺለ። ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ኣብ ናቕፋ ከም እንገብር ስለ ዝተሓበርና ድማ፡ ደቀይ ሒዘ ኣብ መርመራ ክሳተፍ ናብ ናቕፋ መጺአ። ደቀይ እታ ቦኽሪ ጓለይ ኣርባዕተ ዓመትን መንፈቕን፡ እታ ንእሽተይ ድማ ጓል 6 ወርሒ እያ። ቆልዑ ሒዝካ ማዕረ ማዕረኡ ድማ ጉዳይ ትምህርትን ፈተናን ክትገብር ናይ ገዛእ ርእሱ ብደሆ ኣለዎ። ቆልዑ ምእላይ ናይ ባዕሉ ከቢድ ስራሕ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ምስ ኣደይ ጉዳፈያም እየ ዝመሃር ነይረ። ድሌት ናይ ትምህርቲ ስለ ዘሎ ግን፡ ብሰንኪ ቆልዑ ካብ መደበይ ክተርፍ ኣይደለኹን።



መዲና ዓብደልቃድር

ብዓል ቤተይን'ውን ዓቕሙ ዝፈቐዶ ደገፍ ገይሩለይ እዩ። ስድራይን ብዓል ቤተይን ብዘገበሩለይ ደገፍን ሞራልን ድማ'የ ሓቦ ዝዓበር ዘለኹ። ቆልዑ ሒዝኪ ኮለል ትብሊ ዝብል ዘረባ ክመጻእ ይኽእል እዩ፤ ኣነ ግን ትምህርቲ ዘይምውድኣይ ሓደ ካብቲ ኩሉ ግዜ ቅሳነት ዝኸልኣኒ ነገር እዩ ነይሩ። እቲ ቀንዲ ዕላማይ ድማ ትምህርተይ ወዲአ ናብ ድሕሪኡ ዘሎ ደረጃ ንምቕጻል እዩ። ብቐንዱ ናብራይ ክኣልየሉ ዝኽእል ስራሕ ክረክብ እደሊ እየ። ናብ ስራሕ ክጽንበር ድማ ትምህርተይ ዛዚመ እንተ ወሓደ እቲ ሞያ ዝጠልቦ መሰረታዊ ፍልጠት ክህልወኒ ኣለዎ። ብዘወሃኽ፡ ብዘወሰድክዎ ውሳነ ንኻልኦት ደቂ ኣንስትዮ ኣርኣያ ክኸውን'ውን እደሊ። ትምህርቲ ብፍላይ ንዓና ንደቂ ኣንስትዮ ኣገዳሲ ክፋል ናይ ሂወትና እዩ። ዝተማህረት ጓል ኣንስተይቲ ንፍሳ ኮይና ንደቃ'ውን ተማእዝዘን ኢያ። ኣነ'ውን ኣብ ምእላይ ናይ ደቀይ ሓያል ጽልዋ ክህልወኒ እደሊ እየ። ንደቀይ መገዲ ከትሕዞም፡ ኣገዳስነት ትምህርቲ ክምህሮም፡ ክፍልጦም፡ ኣቐዲመ ኣነ ክመሃር ኣለኒ። ንደቀይ ድማ ባዕለይ ኣብነት ክኸውን እየ ዝደሊ።"

**ኣብ መወዳእታ ወ/ሮ ዓዚዛን ወ/ሮ መዲናን ንብጾተን ወለድን በዚ ዝስዕብ መልእኽቲ እየን ተፋንየናና፦**

"ንደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ንህቦ ምኽሪ፡ ቅድሚ ናብ መርዓን ሓዳርን ምብጻሕን ትምህርተን ክዛዝማ ኣለወን። ብሰንኪ ኣብ ግዜኡ ዘይመጽአ መርዓን ሓዳርን ካብ ትምህርተን ንድሕሪት ክምለሳ የብለንን። ምስ ኣሕዋተን ተወዳደርቲ ኮይነን ግቡኣን ክፍጽማ ኣለወን። ሓደ ቆልዓ ኣብ ዝጠንሰ ሓዚልካ፡ ሓደ ድማ ኣብ ማህጸንካ ጾይርካ ትምህርቲ ምክትታል ከቢድ እዩ። ከም ዝርኣኹምን ምስ ዘጋጥም ግን፡ እዚ ንሕናን ብጾትናን ወሰድናዮ ዘለና ኣማራጺ'ውን ከም ሓደ ኣብነት ወሲድኩም ትምህርትኹም ዘዘዝምሉ ሜላ ክፈጥራ ኣለወን። ሎሚ ብዙሕ ካብቲ ንድሕሪት ዝገደሰ ኣተሓሳስባታት ተኣልዩ እዩ። ከም መርኣያ ናቱ ድማ፡ ኣደታትና ትርጉም ናይ ትምህርቲ ብግቡእ ተረዲኤአን ምሳና መጺአን ምሉእ ደገፍ ይገብራልና ኣለዋ። ኣጆኽን ስለ ዝበላና ድማ ናብዚ ደረጃ'ዚ በጺሕና።

ቆልዓ ይኹን ሕርሲ'ውን ካብ ኩሉ ድሌታትካ ከም ዘተርፍ ክየግዝእ ኣለወን። ሎሚ ኣብ ኩሉ ዓዲ ሕክምና ኣሎ። ንትምህርቲ ኢልና ወጺእና ኣብ ዝጸሓፍናዮ ዓዲ ጉዳይ ሕርስና እናገበርና ኢና ቀጺልና። እቲ ወሳኒ ነገር፡ ተበግሶን ድሌትን ክህሉ ኣለዎ። ካልእ ኩሉ ካልኣዊ እዩ ንብለን።"

**ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር ይግበረልና!**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሳን ሬሞ፡ ቀዳማይ ናይ 2026 ናይ 'ሞኑመንት' ውድድር

### ቢንያምን ናትናኤልን . . .

ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ ዝዓበዩ ናይ ሓደ መዓልቲ 'ሞኑመንት' ውድድራት ቀድድም ብሽክለታ ዝኾነ ሚላኖ-ሳንሬሞ፡ ሎሚ ቀዳም ምስ ልዑል ትጽቢት ክሳላሰል እዩ።

ንመበል 117 ግዜኡ ዝካየድ እዚ ኣብ ኢጣልያ ዝሳላሰል ናይ ምርልድ ቱር ውድድር፡ 298 ኪሎሜተር ዝሸፍን ኣዝዩ በዳሂ ጸወታ እዩ።

ኣብዚ ውድድር፡ ክልተ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ክጻወቱ እዮም፡ ኣባል ኤንኤስኤን - ቢንያም ግርማይ ከምኡ'ውን ተቐዳዳማይ ሞቪስታር - ናትናኤል ተስፋጼን። ናትናኤል፡ ሎሚ ዓመት እዩ ንፈለማ ግዜ ኣብዚ ውድድር ክሳተፍ። ቢንያም ግን፡ ካብ 2022 ጀሚሩ ከየቋረጸ ንሓሙሻይ ዓመቱ ክዘውር፡ እዚ ከኣ ዛጊት እቲ ዝበለጸ ደረጃኡ እዩ።

ነዚ ውድድር ክዕወቱሉ ካብ ዝግመቱ ተቐዳደምቲ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ስሎቬንያዊ ተቐዳዳማይ ዩኤኢ ኢማራትስ - ታደይ ፖጋቻ እዩ። እዚ ናይ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ሻምፕዮን ዓለም ዝኾነ ዓንተር ተቐዳዳማይ፡ ካብቶም ሓሙሽተ ናይ ሞኑመንት ውድድር ዛጊት ንክልተ ኣይተዓወተሎምን ዘሎ - ንሚላኖ-ሳንሬሞን ፓሪስ ሮቤክስን።

ዓሚ ብዕወት ማቲዮ ቫን ደር ፖልን ፊሊፖ ጋናን ተበሊጹ ሳልሳይ ዝኣተወ - ፖጋቻ፡ 7 መጋቢት ቀዳመይቲ ናይዚ ዓመት ውድድሩ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር 'ስትራደ ቢያንከ' ኣካይዱ። ከምቲ ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ጀሚሩ ንመወዳደርቱ ካብ ነዊሕ ፈልዩ ብዘይተቓጸጸ ዝዕወቶ ተመሳሲሉ ኣገባብ ድማ፡ ቀዳማይ ብምኣታው ብጸቡቕ ኣቐሊሉ ኣሎ።

ፖጋቻ፡ ዓሚ ሳልሳይ ምስ ወጸ፡ ነዚ ውድድር ክሳብ ዘይተዓወተሉ ፈተነኡ ከማዝይቋርጽ ሓቢሩ ምንባሩ ይዝከር። ሎሚ ዓመት፡ ሽሕ'ኳ ኣብ ዓወቱ ልዑል ተራ ዝጻወቱ ደቂ ጋንታኡ ተም ወለንስ ጆናታን ናርቫየዝን ኣብዚ ውድድር ዘይጻወቱ እንተኾኑ፡ 'ንእሽተይ ፖጋቻ' ክበሃል ጀሚሩ ዝሎ ኢሳቅ ደል ቶሮን ካልኦት ደቂ ጋንታኡን ሓዚ ግን፡ ከዕውትዎ ተዀሚቱ ኣሎ። ወዲ 22 ዓመት መክሲካዊ ደል ተሮ፡ ምናልባት ቀዳማይ መደብ ንምዕዋት ፖጋቻ እንተፈሺሉ፡ ከም ካልኣይ መደብ ተታሒዙ ይርከብ።

ዝሓለፈ ዓመት ነዚ ውድድር ዝተዓወተሉ ተቐዳዳማይ ኣልፐሲን - ማቲዩ ቫን ደር ፖል፡ ክብሩ ንምዕቃብ ከም ቀዳማይ መደብ ኣትዩ ኣሎ። ናይ 2024 ዕወት ናይዚ ጸወታ ያስፐር ፍሊፕሰን ከኣ፡ ምናልባት ተኣኪቦም ሕንጻጽ እንተዘጺሒዖም፡ ብሽኡ ክዕወተላ ክፍትን ይግመት። ኣልፐሲን ናይ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ዕውትቲ ናይዚ ውድድር እያ - ኣብ 2023 እውን ቫን ደር ፖል ተዓዊቱ ብምንባሩ።


ካብ ጸጋም - ቫን ኣርት፡ ፖጋቻን ቫን ደር ፖልን




ብዘይካ'ዚ፡ ቨሰማውን፡ ብዎት ቫን ኣርት እናተመርሐት፡ ኣብ 2020 ዘምጸኦቶ ዓወት ክትመልሶ ክትቃለስ ኢያ። ኣብቲ እዋን፡ ቫን ኣርት እዩ ተዓዊቱ ነይሩ። ምናልባት እዚ ብመጥቃዕቲ ክዘዝም ዝግመት ጸወታ ናብ ናይ ሓብር ቅጽበታዊ ውድድር እንተበጺሑ ግን፡ ናይ ሽኣ ዓቕሚ ዘለዎ ማቲዮ የርገንሶ ከም ካልኣይ መደብ ተታሒዙ ምህላዉ ይሕበር።

ዓሚ ካልኣይ ዝወጸ ኣባል ኢኔዮስ - ፍሊፖ ጋና ድማ፡ ደቂ ጋንታኡ ኣኽቲቱ ንዝበለጸ ወጽኢት ተዳልዩ ኣሎ።

ኤንኤስኤን ብተመሳሳሊ፡ ንኮርቢን ስትሮንግ ቀዳማይ መደቡ፡ ብቦሎታ ዝውዳእ እንተማሲሉ ከኣ ናይ ሽኡ ተቐዳዳማያ ቢንያም፡ ካልኣይ መደባ ገይራቶ ኣሎ። ዝተረፉ ክለባት'ውን የዋጽኣኒ እዩ ዝብልኦ ስልቲ ሐዚን ተዳልየን ኣለዋ።

ብሓፈሻ እዚ ንክዘዝም ልዕሊ ሹዱሽተ ሰዓታት ዝወስድ ውድድር፡ ብኣጋኡ ልዑል ቆላሕታ ረኺቡ ኣሎ።

ጸቡቕ ዕድል ንቢንያምን ናትናኤልን!

---

## ቱቸል፡ ተጻወትቱ ናይ መወዳእታ ዕድል . . .

ዓሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ እንግሊዝ - ቶማስ ቱቸል፡ ተጻወትቱ ናይ ዋንጫ ዓለም ትኪቤት ክቖርጹ፡ ናይ መወዳእታ ዕድል ተረፊዎም ምህላዉ ገሊጹ።

እዚ ጀርመናዊ፡ ኣብዚ ወርሒ ንዘካየዱወን ክልተ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ዘድልዩዎ 35 ተጻወትቲ ትማሊ መሪጹ። ኣከፋፋሊ ኤቨርተን ጃማል ጋርነርን ሓላዊ ልዳት ብራይተን ጃሶን ስቲለን ናይ ፈለማ ጻውዒት ክረኽቡ እንከለዉ፡ ተጻወትቲ ማን ዩናይትድ ሃሪ ማጓየርን ካቢ ማይኖን ከምኡ'ውን ተኸላኻሊ ኤሲ ሚላን ፊካዮ ቶሞሪ ድሕሪ ጥቅምቲ 2023 ንፈለማ ናብዛ ጋንታ ተመሊሶም።

ይኹን እምበር፡ ንናይ ክንፊ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ - ኣሌክሳንደር ኣርኖልድ ዝኸውን ቦታ ኣይረኸበን - ቱቸል።

ንሱ፡ "ቅድሚ ዋንጫ ዓለም ናይ መወዳእታ ምትእኽኻብና እዩ። ተጻወትቲ ከምስጡሒን ናብ ዋንጫ ዓለም ዝወስዶም ትኪቤት ክረኽቡ ኪቓለሱን ናይ መወዳእታ ዕድል እዩ።" ኢሉ።

ብዘዕባ ዘይምምራጽ ኣርኖልድ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፡ "ከቢድ ውሳኔ" ክብል ብምግላጽ፡ ዕድሉ ከምዘየብቅዐ ግን ሓቢሩ።

ሃገራውያን ጋንታታት፡ ናይ መወዳእታ ንዋንጫ ዓለም 2026 ዝመረጽኦም ተጻወትቲ፡ ቀዳም 30 ግንቦት ክፍልጣ ኣለወን።

27 መጋቢት ምስ ኡራጓይ ግጥም ዘጸብያ እንግሊዝ፡ 31 መጋቢት ከኣ ንጃፓን ክትገጥም እያ፣ ክልተአን ግጥማት ኣብ ሃገራዊ ስታድዮም እንግሊዝ ዌምብሊ ክካየዳ እየን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እቶም 11 ተጻወትቲ - ዲን ሀንደርሰን፡ በርን ጉሂ፡ ኮንሳ፡ ኦ'ራይሊ፡ ኣንደርሶን፡ ራይስ፡ ሮጀርስ፡ ጎርደን፡ ኬይንን ሳካን ድሕሪ ናይ ኡራጓይ ጸወታ እዮም፡ ናብዛ ጋንታ ክጽምበሩ።



---

## ኣርቱር፡ ኣብ ግረሚዮ ክጸንሕ ከምዝደሊ ገሊጹ

ብልቓሕ ካብ ጁቬንቱስ ወጺኡ ምስ ብራዚላዊት ክሉብ ግረሚዮ ዝጻወት ዘሎ - ኣርቱር መሎ፡ ኣብዛ ክሉብ ክጸንሕ ከምዝደሊ ሓቢሩ።

ካብ 2018 ክሳብ 2020 ኣብ ባርሴሎና ብሉጽ ብቕዓት ዘርኣየ ኣርቱር፡ ናብ ጁቬንቱስ ድሕሪ ምስጋሩ ግን፡ ቁመናኡ ከም'ቲ ኣብ ባርሴሎና ዝነበሮ ክኸውን ኣይከኣለን። ካብ ክረምቲ 2022 ጀሚሩ ክሳብ ዝሓለፈ ዓመት ከኣ፡ ብልቓሕ ምስ ሊቨርፑል፡ ፊዮረንቲናን ጂሮናን ተጻዊቱ። ዝሓለፈ ክረምቲ ድማ፡ ናብ ናይ ሃገሩ ክሉብ ግረሚዮ ተሰጋጊሩ።

እዚ ወዲ 29 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ኣብዛ ክሉብ ወጽኢታዊ ግዜ የሕልፍ ምህላዉ ይግለጽ። ወላ'ኳ ኣብዛ ጋንታ ክቕጽል ድሌት እንተሃለዎ፡ ምስ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ ግን፡ ኣብ ወርሒ ሰነ ናብ ቀዋሚት ክለቡ ጁቬንቱስ ክምለስ ምዃኑ ይሕበር።

ክሳብ ሰነ 2027 ምስ ጁቬንቱስ ውዕል ዘኣተወ ኣርቱር፡ "ተስፋ ይገብር ኣብ ትሕቲ ዓሰልጣኒ ጁቬንቱስ ለዚያኒ ስፓሌቲ፡ ዕድል ክረክብ። ንሱ፡ ፈጣሪ ዕድላት (Playmaker) ተጻዋታይ ይፈቱ እዩ።" ኢሉ።


ኣርቱር፡ ብማልያ ግረሚዮን ጁቬንቱስን

---

## ድሕሪ ምዝዛም ናይቲ ሰኔጋል ዝተዓወተትሉ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፣ ድሕሪ 58 መዓልታት፡ ኮንፈደረሽን ኲዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ)፡ ዕውትቲ ሞሮኮ ምዃና ምስ ወሰነ፡ ተኸታተልቲ ማሕበራዊ ሚድያ ዝሃብዎ ግብረ መልሲ . . .

- ኲዕሶ እግሪ፡ ኩሉ ግዜ 90 ደቓይቕ እዩ ዝጽወት፣ ኣብ ኣፍሪቃ ግን፡ 90 ደቒቕ ተደመሮ ክልተ ኣዋርሕ ኮይኑ ኣሎ።

- ኣብ ታሪኽ ኲዕሶ እግሪ ዓለም፡ እታ እንኮ ብኢ-መይል ዋንጫ ዘልዓለት ሃገር፡ ሞሮኮ ኮይና ኣላ። ዝገርሚ ግን፡ እተን ሰለስተ ሹቶታት ኣብ ኢ-መይል ብኮመይ ኣትየን።

- መስርሕ ምስጋገር ዋንጫ መዓስ ከምዝጀመረ ከይፈለጥኩ ጸኒሐ።

- ኲዕሶ እግሪ ኣብ ሜዳ እምበር፡ ኣብ ባራት ዝጽወት ኮይኑ ዘይሰምዒ ነይሩ።

- ኣፍሪቃ፡ ቅድሚ ዕውትቲ ዋንጫ ምውሳና፡ ክልተ ኣዋርሕ ተወሲኺ ደቒቕ ዝሃበት ቀዳመይቲ ኣህጉር እያ።

- ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፡ ብስብ ዝሰርሖ ብልሓ (AI) እዩ ተጻዊቱ።

- ሞሮኮ፡ ንፈለማ ግዜ ዋንጫ ኣፍሪቃ ክትዓትር ዝሓገዝኣ ሰለስተ ሹቶታት፡ ኣብ ክልተ ኣዋርሕ ኣመዝጊባቶን፣ እንተኾነ ኣመዝጊቡወን ብዓል መን ምዃኖም ኣይፈለጥናን።

- ንደቀይ፡ ዕውትቲ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 ሰኔጋል ምዃና ክነግሮም እየ።

- ኣብ ኣፍሪቃ ዘይከኣል የለን፡ ምናልባት'ውን ንታንዛንያ ዋንጫ ክህብዋ ይኽእሉ እዮም።

- ናይ ኩሉ ግዜ ዝወሐ ካብ ድሕሪት ተበጊሶም (ሪሞንዳታ ወይ Comeback) ዝተዓወቱሉ ውድድር።

- ሰኔጋል፡ ዝተዓወተትሉ 10 ሚልዮን ዶላር በሊዖቶ እያ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ መበል 31 ሰሙን**

ብራይተን - ሊቨርፑል 3:30 ድ.ቀ
ፉልሃም - በርንለይ 6:00 ድ.ቀ
ኤቨርተን - ቸልሲ 8:30 ድ.ቀ
ሊድስ - ብሬንትፎርድ 11:00 ድ.ቀ

### ዜና ብሓጺሩ

* ዓሰልጣኒ ባየር ሙኒክ - ቪንሰንት ኮምፓኒ፡ "ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ ታሪኽ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝበለጸት ጋንታ እያ። ስለዚ ዓቢ ስራሕ እዩ ዝጸበየና ዘሎ፣ ክንዕወት ድማ እዩ ደሊትና።" ኢሉ።

ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ዝኾና ሙኒክን ማድሪድን ዝመጽእ ወርሒ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ክራኸባ እየን።

* ዓሰልጣኒ ፖርቱጋል - ሮበርቶ ማርቲነዝ፡ ኣብዚ ወርሒ ንዘካየዱወን ክልተ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ዘከልግልዎ ተጻወትቲ ወግዓዊ ኣብ ዝገበረሉ፡ ኣብ መጉዳእቲ ዘሎ ሓላፊ ጋንታኡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ሰሪ መጉዳእቲ ገና ድሉው ከምዘየለን ከምዘይተመርጸን ተሓቢሩ።

---

### ግምታት ክሪስ ስቱንን ኮምፒዩተርን ኣብ መበል 31 ግጥማት ፕሪመር ሊግ

| | ብራይተን - ሊቨርፑል | ፉልሃም - በርንለይ | ኤቨርተን - ቸልሲ |
|---|---|---|---|
| ስቶን | 2 - 1 | 2-0 | 1-1 |
| ኮምፒዩተር | 1 - 2 | 2-0 | 1-2 |
| | ሊድስ - ብሬንትፎርድ | ኒውካስል - ሳንደርላንድ | ኣስቶን ቪላ - ዌስትሃም |
| ስቱን | 2-1 | 2-0 | 2-1 |
| ኮምፒዩተር | 1-1 | 2-1 | 1-1 |
| | ቶተንሃም - ኖቲንግሃም | | |
| ስቱን | 1 - 0 | | |
| ኮምፒዩተር | 2 - 1 | | |

ብዘይካ'ዚ፡ ጽባሕ ሰንበት፡ ኣርሰናልን ማን ሲቲን ኣብ ሜዳ ዌምብለይ ናይ ፍጻመ ጸወታ ካራባኦ ካፕ ክካየዳ እየን። ስቱን እዛ ጸወታ ምስ ተወሰኺ ግዜ 0-0 ድሕሪ ምዝዛማ፡ ማን ሲቲ ብፍጻም ቅላዕ ክትዕወት ገሚቱ ኣሎ። ኮምፒዩተር ግን፡ 'ኣርሰናል 2-0 1 ክትዕወት እያ' ኢላ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ፡ ንሃገራት ወሽመጥ ኣጽዋር ትሸይጥ

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ንሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ኩዌትን የርዳኖስን ብድምር ዋጋ 16.5 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ኣጽዋር ክሸጠለን ከም ዝወሰነ ተሓቢሩ።

እቲ ክፍሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንሕቡራት ኢማራት ዓረብ ናይ 8.4 ቢልዮን ዶላር፡ ንኩዌት ናይ 8 ቢልዮን ዶላር፡ ንዮርዳኖስ ከኣ ናይ 70.5 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ኣጽዋር ክሸጠለን ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ዝርርብ ውግእ ተኸኺሱ ስሙኑ ሰቡ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ሚሳይላት፡ ስርዓት ራዳርን ካልእን ዘጠቓልል መሸጣ ኣጽዋር፡ ዓቕሚ ምክልኻል ኣየር ናይተን ሃገራት ንምድልዳል ዝዓለመ ከም ዝኾነ እቲ ክፍሊ ወሲኹ ኣረዲኡ።

እቲ መሸጣ ኣጽዋር፡ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ንመጥቃዕትታት ኢራን የጠንቅቓ ኣብ ዘለዋሉ እዋን ደጊድቕ ብምህላው፡ ንምእካይ ምብራቕ ናብ ዘይተደልየ ዝቕተር ግጭት ክሽሞ ከም ዝኽእል ኣየም ተንተንቲ ዘመልክቱ ዘለው።

ብዘይካዚ፡ እቲ ውሳነ መሸጣ ኣጽዋር፡ ክፍሊ ወግእ ኣመሪካ ኑቲ ምስ ኢራን ዘካይዶ ዘሎ ውግእ ንምቕጻል ተወሳኺ 200 ቢልዮን ዶላር ምወላ የድልየ ከም ዘሎ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝወሰድ ዘሎ።



## ኤውሮጳን ጃፓንን፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ንምኽፋት ይጽዕራ

ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳን ጃፓንን ኑቲ ብኩናት ኣመሪካ፡ እስራኤልን ኢራንን ዝሓኾ ዘሎ ዋጋ ኑዳዲ ንምርግጋጽ ዘኽእል ስጉምቲ ክወስዳ ድሉት ከም ዘለወን ዝገልጽ ሓባራዊ መግለጺ ከም ዘውጽኣ ተሓቢሩ።

ኣብቲ መራሕቲ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ነዘርላንድስን ጃፓንን ዘውጽእዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ ድሕነት ብመጻብቦ ሆርሙዝ ዝሓልፋ መራኽብ ንምውሓስ ኣድላዪ ጻዕርታት ክገብሩ ድሉዋት ምዃኖም ገሊጾም።

እዞም መራሕቲ ኣብቲ ሓባራዊ መግለጺኦም፡ ንእንታይነት ናይቲ



ዘካይድዎ ጻዕርታት ኣመልኪቶም እኳ መብርሂ እንተ ዘይሃቡ፡ ኣብ ልዕሊ ሲቪላዊ ትሕተ ቅርጺ ኑዳድን ጋዝን ዝፍጸም ዘሎ መጥቃዕትታት ግና ብቐልጡፍ ደው ክብል ኣተሓሳሲቦም ኣለው።

ኣብቲ መግለጺ፡ እዞም መራሕቲ ሃገራት፡ ንዝለው ኣህጉራዊ ቅልውላው ኑዳዲ ንምርግጋጽ ኑዳዲ ዘፍርያ ካልኦት ሃገራት ምህርተን ንምዕባይ ምስአን ሓቢሮም ክሰርሑ ምዃኖም ኣፍሊጦም ኣለው።

ኢራን ከም ኣካል ናይቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝቐጽል ዘሎ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ ኑቲ ሓደ ሕምሲት ካብ ኑዳዲ ዓለምና ዝሓልፈሉ መጻብቦ ሆርሙዝ ብምዕጻዋ፡ ዋጋ ሓደ በርሚል ኑዳዲ ልዕሊ 100 ዶላር ከም ዝጸዓሐ ምንጭታት ይሕብሩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ መራሕቲ ሃገራት ኤውሮጳ ከም ኣካል ልፍንታዊ ሓይሊ፡ ድሕነት ናይተን ብመጻብቦ ሆርሙዝ ዝሓልፋ መራኽብ ንምውሓስ፡ ናብቲ ማያት መራኽብ ውግእ ክሰዳ ዘቕረቦ ጠለብ ከም ዝጸግዎ ዝዝከር እዩ።

ኢራን ከም መልሲ ግብሪ ናይቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ብእስራኤል ኣብ ልዕሊ መዕከኒ ጋዝ ደቡባዊ ፓርስ ዝተፈጸመ ደብዳብ ኣብ ትሕተ ቅርጺ ኑዳዲ ሓያሎ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ መጥቃዕቲ ብምክያዳ ኣህጉራዊ ቅልውላው ኑዳዲ ካብዚ ዝለዓለ ንክልዕል ክዛይድ ከም ዝኽእል ኣየም ተንተንቲ ገሚቶም።

## ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ልዕሊ ምህርቲ ሓጺን ቻይናን ታይላንድን ቀረጽ ኣጽዲቓ

ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ቻይናን ታይላንድን ናብ ዕዳጋታታ ዝኣቱ ሓጺን ልዑል መጠን ቀረጽ ከም ዘጽደቐት ተሓቢሩ።

እቲ ቀረጽ ናይ ምውሳኽ ውሳኔ እተን ሃገራት ኣዝዩ ብዙሒ ዘለዎ ሓጺን ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ የእትዋ ከም ዘለዋ ድሕሪ ምርግጋጹ ዝተወሰደ ምዃኑ፡ ተቖጻጻሪ ንግዲ ናይታ ሃገር ኣረዲኡ።

ብመሰረት መግለጺ ደቡብ ኣፍሪቃ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ቻይና ናብታ ሃገር ዝኣቱ መዋቕራዊ ሓጺን (structural steel) ናይ 74.98 ሚእታዊት ቀረጽ ክጽድቕ እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ታይላንድ ዝኣቱ ተመሳሳሊ ፍርያት ድማ ናይ 20.32 ሚእታዊት ቀረጽ ወሲኑ ኣሎ።

ኮሚሽን ኣህጉራዊ ንግዲ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ቻይናን ታይላንድን ናብ ዕዳጋታት ሃገሩ ዝኣቱ መዋቕራዊ ሓጺን ብዝገበሮ መርመራታት፡ እተን ሃገራት፡ ኣብ ህንጻት ህንጻታት ዝውዕል ሓጺን ንኣፍረይቲ ሓጺን ውሽጢ ሃገር ብዙሓት ኣዝዩ ትሑት ዋጋ ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ክልእኻ ምጽንሐን ከም ዘረጋገጸ ኣፍሊጡ።

ሰበ ስልጣን ቻይናን ታይላንድን ንወሰኽ ቀረጽ ደ/ኣፍሪቃ ኣመልኪቶም ዛጊት ዝኾነ ርእይቶ ኣይሃቡን ዘለው።

ብመሰረት ጸብጻብ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ 73 ሚእታዊት ካብቲ ናብ ዕዳጋታት ደቡብ ኣፍሪቃ ዝኣቱ ሓጺን ትሸፍን።



## ኮንጎን ሩዋንዳን ንሰላም ተሰማሚዐን



ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ሩዋንዳን ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን ኣብ ዋሽንግቶን ድሕሪ ዘካየድዎ ክልተ መዓልታት ዝወሰደ ዝርርብ፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ኮንጎ ንዳርጋ ዓመታት ዝቐጸለ ግጭት ደው ንምባል ዝዓለመ ስጉምትታት ክወስዱ ከም ዝተሰማምዑ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዘውጽኦ ሓባራዊ መግለጺ፡ ኣብቲ ዝርርብ፡ ክልተአን ሃገራት ልኡላውነት ሓድሕደን ክከብራ፡ ከምኡ'ውን ሰራዊተን ክሕዝን ኣብ ሰግረ ዶባዊ ናይ ጸጥታ ስክፍታታት ክዘተያን ቃል ኣትየን።

ክልቲአን ሃገራት ኣብ መንጎአን ዘሎ ወጥሪ ንምህዳእ ኣብ ባይታ ዝጭበጥ ምዕባለ ንምምዝጋብ ዘኽእለን ስጉምትታት ክወስዳ ከም ዝተሰማምዓ፡ ኣብ መንጎአን ነባሪ ሰላም ንምስፋን ኣብቲ ዞባ ከኣ ብልጽግና ንምምጻእ ደጊመን ቃል ከም ዝኣተዋ፡ እቲ ክፍሊ ወሲኹ ኣፍሊጡ።

ክልተአን ሃገራት፡ ኣብ መንጎአን ንዳርጋ ዓመታት ዝቐጸለ ግጭት ብሰላም ንምዕራፍ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት እኳ እንተ ተሰማምዓ፡ ስምምዐን ግን ክሳብ ሕጂ ዝጭበጥ ፍረ ከም ዘይተረኽቦ ኣየም ጸብጻብት ዘመልክቱ።

ግጭት ሩዋንዳን ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን 6.9 ሚልዮን ሰባት ዘመዛበለ - ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዓለምና ዝዓበዩ ሰብኣዊ ቅልውላዋት ምዃኑ ይንገረሉ።

## ሃይቲ፡ 800 ኣባላት ጸጥታ ናብ ሀይቲ ክትሰድድ ወሲና

ጫድ፡ ኣካል ኣህጉራዊ ሓይሊ ኮይናም ኣብ ምውሓስ ጸጥታ ሀይቲ ኣበርክቶ ክገብሩ ከም ዝኽእሉ ዝገለጹቶም 800 ኣባላት ፖሊስ ናብታ ሃገር ክትልእኽ መደብ ከም ዘለዋ፡ ሓደ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ፖሊስ ጫድ ንሮይተርስ ሓቢሩ።

እቲ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን እቶም ኣባላት ፖሊስ ካብ መሻርኽቲ ኣካላት ድሕሪ ዝወሃቦም ስልጠና፡ ዝመጽእ ሰነ ናብ ሀይቲ ክበገሱ ትጽቢት ከም ዘሎ ገሊጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ዶሚኒካን ሮበርቶ ኣልቫሬዝ ድማ፡ እቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝድገፍ ኣብ ሀይቲ ንዝርከቡ ዕጡቓት ጉጅለታት ንምእላይ ዓሊሙ ዝሰርሕ ኣህጉራዊ ሓይሊ፡ ክሳብ ዝመጽእ ጥቅምቲ 5,500 ውተሃደራት ክህልዉዎ ምዃኑ ኣመልኪቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 21/03/26 | ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58ከበቢ ፓስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565